# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.241 | ሓሙስ 8 ሰነ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ብሩህ መጻኢ ኤርትራ፡ ኣብ ምህናጽ . . .





ገጽ 3
ድሙቕ ጽምብል፡ ኣብ ቅንያት እቲ ድሙቕ በዓል





ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?





ገጽ 5
“ፍረ ውህደ ጻዕሪ፡ ረኺብናሉ ክብሪ” ነበርቲ ዓዲ ጸናዕ





ገጽ 7
ዘይተሰዓርት ሳቡር ይቕጽል




## ኣስመራ - ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ ተዘኪራ



ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ “ደረጃታት መግቢ ህይወት የድሕኑ!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ከምኡ’ውን ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ትማሊ 7 ሰነ ተዘኪሩ።

ኣብ ኣዳራሽ ሃ.ኮ.ሲ.ኤ ኣብ ዝተቓንዐ መደብ፡ ወኪል ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዓለም - ዶ/ር ፍራንሲስ ማንንምቦ፡ ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ ብሰንኪ ዘይውሑስ መግቢ ንዝኸሰቱ ሓደጋታት ጥዕና ንምክልኻል፡ ንምልላይን ንምቁጽጻርን እትገብር ስለዝኾነት፡ ኣገዳስነታ ዕዙዝ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ዓለም ብሰንኪ ዘይውሑስን ድሕኑቱ ዘይተሓለወን መግቢ ዓመታዊ ኣስታት 600 ሚልዮን ሰባት ከምዝሓሙ፡ ኣስታት 420 ሽሕ ድማ ከምዝሞቱ ኣረዲኡ። መንእሰያትን ብጸጋታት ዝተገደፉ ህዝብታትን፡ እቶም ቀንዲ ተጠቃዕቲ ብምዃኖም ድማ - ዝያዳ ኣሰካፊ ከምዝኮነ ኣገንዚቡ።

ዶ/ር ፍራንሲስ፡ ከሉ እንገብሮ ንጥፈታት ንዘላቒ ሽቶታት ምዕባለ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ሚኒስትሪታት ሕርሻን ጥዕናን ኤርትራ - ምስ ካልኦት ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ተወሃሂዶም ንዘወሰድዎ ዘለዉ ተበግሶታት ሞጒሱ።

ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ - ሚስ ኤስተር ሉሲጋኒ ድማ፡ ድሕኑቱ እተሓለወ መግቢ ንምርግጋጽ፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣስሚራትሉ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ካብ ቀዳምነታት መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ብምጥቃሱ፡ ነዚ ዕላማ’ዚ ንምትግባር ክሳላሰሉ ዝጸንሑ ሰፋሕቲ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ንኣሱ፡ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኮሩ ቁጽጽራዊ ስራሓት ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

## ኣብ መንሱራን ዓሰብን፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ እንግዶት መደብ ተወዲቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ፡ ብምኽንያት መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ተዋፊሮም ንዘርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ማእከል፡ እንግዶት ተገይሩ።

ኣቦ’ቲ ምስ ነበርቲ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ብምትሕብባር ብ30 ግንቦት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማነታይ ዝተኻየደ መደብ፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ናይ’ቲ እዚ፡ ሰበስልጣን ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ከምኡ’ውን ወከልቲ ህዝቢ - ኣስታት 2 ሽሕ ሰባት ተሳቲፎም።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ መንሱራ ኣቶ የማነ ተስፋሚካኤል፡ ኣባላት እዚ ማእከል ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት’ቲ ንኡስ ዞባ ዝጸንሐ ጸጋማት ዝሰተ ማይን መስመራት መጓዓዝያን ንምቅላል - ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ብስም ህዝቢ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።

ኣዛዚ እዚ ማእከል ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ድማ፡ ከለን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል፡ ጸገማት ዝርከብሉ ከባቢ ምቅላል ካብ ቀንዲ ተልእኾኦን ምዃኑ ጠቒሱ፡ እቲ ሓበራዊ ናይ ምዝንጋዕ መደብ፡ መርኣያ ናይ’ቲ ኣብ መንጎ ህዝብን ሰራዊቱን ዘሎ ፍቕርን ሓድነትን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ህዝቢ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዘዳለዎ ተመሳሳሊ እንግዶት ድማ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ዝርከብዎም ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለፍቲ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ኣቶ ተስፋይ ዘርኡ፡ ሓበን ህዝብን ሃገርን ምስ ዝኾኑ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብሓባር ምውዓሎም ከምዝሐጎሶም ጠቒሱ፡ እዚ ዘለዎ ወሃደትን ጥምረትን ኣብ ኩሉ መዳያት ከምዝቕጽል ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

## ሰገነይቲ - ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ. ን20 ኣባላቱ 100 ቆፎ ንህቢ ሂቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ.)፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ን20 ኣባላቱ ንነፍሲ-ወከፎም 5 ዘመናዊ ቆፎ ንህቢ - ምስ ምሉእ ናውቱ ብርትዓዊ ዋጋ ሂቡ።

እቲ ዕላማ፡ ስንኩላን ካብ ተጸባይነት ተገላጊሎም ርእሶም ክኢሎም መነባብሮኦም ንከመሓይሹ ምዃኑ፣ ከም ተወሳኺ እውን 10 ሽሕ ናቕፋ ክልቅሑ ከምእተፈቕደሎም - ካብ’ቲ ማሕበር ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ. ዞባ ደቡብ ኣቶ ወልደዝጊ ቴድሮስ፡ እዞም ዘመናዊ ቆፎ ንህቢ ምስ ምሉእ ናውቲ ተዋሂቦም ዘለዉ ስንኩላን፡ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጸጋታት ተጠቒሞም ዕውታት ንምዃን ሓያል ጻዕሪ ክካይዱ ተላቢዮም።

ሓላፊ ክፍሊ ተሃድሶን ዳግመ ምውህሃድን ናይ’ቲ ማሕበር ኣቶ ኣብርሃም ክፍለጼን ብወገኑ፡ እቶም ስንኩላን ረኺቦምዎ ንዘለዉ ዕድል ብግቡእ ክጥቀምሉን ንኻልኦት ኣርኣያ ክኾኑን ብምልባው፡ መሻርኽቲ ንዘገበርሎም ምትሕብባር ኣመስጊኑ።

## ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ 156 ተመሃሮ ኣመረቓ

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ ንክልተ ዓመታት ብዮዝብርን ክልሰ-ሓሳብን ዘምሃረቶም 156 ተመሃሮ፡ ብሰርቲፊኬት ኣመረቓ።

ተመረቕቲ፡ 36 ኣግሮ-መካኒክ፡ 43 ስነ-እንስሳ፡ 41 ስነ-ኣትክልቲ፡ 36 ድማ ስነ-ሓመድን ማይን ልምዓት መስኖን ዝተኸታተሉ እዮም።

ብ3 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ዳይረክተር’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዮናስ እዮብ፡ ተመረቕቲ ኣብ ስራሕ ዓለም ክሕግዞም ዝኽእል ሞያን ትምህርትን ሰኒቖም ይወጽኡ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ሰናይ ናይ ስራሕ ዘመን ተመንዩሎም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ተክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም፡ ተመረቕቲ ብዘቕሰምዎ ትምህርቲ ንሕብረተሰቦም ብእወታ ክጸልዉ ዘለዎ እምነት ገሊጹሎም።

ኣብ 1999 ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ ክሳብ ሕጂ 2979 ተመሃሮ ከምዝመረቐት ሰነዳታ የረድኡ።

ብኻልእ ወገን ኣብ’ታ ቤት ትምህርቲ 62 ተማሃሮ - ብቛንቋ ምልክት ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ሰልጢኖም።

ብ30 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ዞባ ዓንሰባ - መምህር ደጀን ዘርኣጋብር፡ ንጽሙማን ክወሃብ ዝጸንሐ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ዝበረ ኣብዚ ግዜ’ዚ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ሓኺሩ ከምዝሎ ጠቒሱ፡ እዚ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ንተማሃሮ ቋንቋ ምልክት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ክፍጻት እውን ክቕጽል መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።





# ብሩህ መጻኢ ኤርትራ፡ ኣብ ምህናጽ ፍረ-ጻዕሪን ዝተሰግረ ብድሆታትን

ብ ዶ/ር ዓሊ ሰይድ ፈቒ
ትርጉም - ታደሰ ተኽለ



ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናጻ ዝወጽኣትሉ ኣብ ዝሓለፈ 24 ግንቦት 2023 ዝተጻምበለ በዓል ናጽነት፡ እታ ሃገር ድሕሪ ናይ 32 ዓመታት ጉዕዞ ዘጽሓተቶ ምዕራፋት ዘመላኽት እዩ ነይሩ።

ኤርትራ ናጻ ካብ እትወጽእ ንደሓር፡ ብሓያሎ መዳያት ልምዓት ረቛሒ ምዕባለታት ከተርኢ ጸኒሓ እያ። ዝርጋሐ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ጥዕናን ትሕተ ቅርጻን ኣብ ምምዕባል፡ ኣድማዒ ኸኣ ኣርእያ። መንግስቲ መትዐብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽን ድኽነት ንምንካይን ዝሓንጸጾ ፖሊሲታት ቀጠባዊ ዕበየትን ልምዓትን፡ ኣብ ትግባረ ከውዕል ጸኒሑ ኣሎ።

ካብ 2018 ንደሓር ኣብ ሓያሎ ዞባታት እታ ሃገር እናተዘዋወርኩ ተዓዚበ፡ ኣብዚ ዘርም ጸባቐ ባህርያዊ ኣከባቢ ንዝሑብር ሃብታም ክብርታት ዘለዎ ህርኩት ህዝቢ ከኣ ዓቢ ኣድናቖት ኣለኒ። ኤርትራ ናጻ ካብ እትወጽእ ንደሓር ዝሓለፈ ዓወታት፡ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ከስፍሮ ክፍትን። ኤርትራ "ስትራተጂ ርእሰ-ምርኮሳ" ንእትብሎ መደብ እንድሕር ርኢና፡ እታ ሃገር እትምርሓሉ መሪሕ መትከል ቁጠባዊ ልምዓት ምኻኑ ንዕዘብ። ነዚ ፖሊሲ እዚ፡ ኣብ ፈለማ 90ታት እያ ኣተኣታትያቶ።

## ስትራተጂ ርእሰ-ምርኮሳ

ስትራተጂ ርእሱምርኮሳ ካብ ግዳም ዝርከብ ረድኤትን ሓገዝን ብምንካይ ቁጠባዊ ሓርነት ኣብ ምርግጋጽ ዝቐንዐ መደብ እዩ። ዝማዕበለ ዓቕሚ ሰብ ብምጥራይ፡ ብዝበእ መዓል ባህርያውን ዘቤታዊን ጸጋታት፡ ኣብ ምምዕባል ዘቤታዊ ኢንዱስትሪታት ድማ የተኩር። እዚ ፖሊሲ ከም ጸርግያታት፡ ጸዓት፡ ዘቤታዊ ትሕተ ቅርጺ፡ ቀረብ ንጹህ ማይ፡ ምዕባለታት ሕርሻን ዘቤታዊ ትካላት ፍርያትን ብቐዳምነት ዝሰርዖም ዕማማት እዮም።

ስትራተጂ ርእሱምርኮሳ ኣብ ትግባረ ከውዕሉ ዘኽእሉ ከም ሕጋጋት ዋንነት መሬት፡ ዝርጋሐ ትምህርትን ኣገልግሎት ጥዕናን፡ ምትብባዕ ማሕበራዊ ናእሽቱን ኣፍረይቲ ትካላት ዝኣመሰሉ ስጉምትታት ተወሲዶም እዮም። ኣብ ከም ዕደናን ጸዓትን ረቛሒ ኣብ ዝኾኑ ስትራተጂያዊ ጽላታት ድማ ተሳታፍነት ጸንዕ ምሕደራ ብዘለዎ ኣገባብ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ክኣቱ ዘተባብዕ ስጉምቲ ተወሲዱ።

ካብ ቀረባ ዓመታት ንደሓር፡ ኤርትራ ኣብ ምዕባለ ትሕተ-ቅርጻታት ግዙፍ ዋኒናት ወፍሪ ከተካይድ ጸኒሓ ኣላ። ሓደስቲ ጽርግያታት፡ ድንድላትን መዓርፎ ነፈርትን ኣብ ርእሲ ምህናጾም፡ ዝነበሩ ወደባትን መንገዲ ባቡራትን እውን ተመሓይሾም።

እዞም ዋኒናት እዚኣቶም ብዘይካ እቲ ኣብ ቁጠባን ልምዓትን ዘበርክትዎ ምዕባለታት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ናይ መጕዓዝያ ርክባት እውን የበራትዑ። ብቐዓት መትዐብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ ተወሲኽቲ ሆስፒታላትን ኣብያተ-ትምህርትን ካልእ ህዝባዊ መሳለጥያታትን ናይ ምህናጽ መደባት እውን ተታሒዙ ኣሎ።

## ፖሊሲታት ወጻኢ

ፖሊሲታት ወጻኢ ኤርትራ፡ ብመትከላት ሻራ-ኣልቦን ዞባዊ ወሀደትን ይምራሕ። ንኣፍሪቃዊ ሓድነት ከኣ የተባብዕ። ፖሊሲታት ወጻኢኣ ብቐንዱ ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ንቐርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ፍሉይ ተገዳስነት ይህብ። ምትብባዕ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ቀዳምነት ካብ ዝሀቦ ሓደ ኣርእስቲ እዩ። ኤርትራ ኣብ መንጎኣን ኢትዮጵያን ኣብ ዝተኻየደ ናይ 2018 ስምምዕ ሰላም፡ ኣብዚ ዞባ ካብ እተኸስቱ ናይ ሰላም ተበግሶታትን ተሳቲፋ እያ።

እታ ሃገር ምስ ሶማል፡ ሱዳን የመንን ኢትዮጵያን ዘለዋ ርክብ ከተሕይል ጸኒሓ ኣላ። ምስ እዞን ሃገራት እዚኤን ንግዲ፡ ወፍርን ጸጥታዊ ጉዳያትን ኣብ ዘጠቓልል ሓያሎ ክልተኣዊ ስምምዓት ተፈራሪማ።

ብደረጃ ዓለምለኸ ኣብ ዝረኣ ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ዝግበር ምትእትታዋት ምዕራባውያን ኤርትራ ክትነቕፎ ጸኒሓ። ኤርትራ፡ ንሓድነት ኣፍሪቃ ከተተባብዕ ኣብ ርእሲ ምጽንዓ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኣመሰሉ ዓለምለኻውያን ውድባት ግቡእ ውክልና ክህልዋ ክትጽውዕ ጸኒሓ እያ።

ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ብውሕሃን ካልኦትን ኣብ ልዕሊኣ ክመሓለላፍ ዝጸንሐ እገዳታት ክትሰግሮ ነይርዋ። ኣብ ሶማል ንዝርከብ ሽበራዊ ሓይሊ ከም እትድግፍ ብዝተላዕለ ናይ ጠቕን ክሲ፡ ኣብ 2009 ብው. ሕ. ሃ. ኣብ ልዕሊኣ ዝተሸመ እገዳ ዝጠቅር እዩ። እቲ እገዱ ናይ ኣጻዋር ክልከላ፡ ዝተወሰኑ ኤርትራውያን ከይንቀሳቐሱ ዝእግድን ምስ መንግስቲ ምትእስሳር ናይ ዘለዎም ውልቀሰባትን ትካላትን ሃብቲ ዘደስክልን እዩ ነይሩ። እቲ እገዳታት ፖለቲካዊ ዕላማ ዘለዎ ምኻኑ ብምግላጽ ከኣ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ክሰታት ብትሪ ነጺግዎ። እቲ እገዱ ንትራ ዜጋ ካብ ቀረብ ኣገደስቲ ሸቐጣትን ኣገልግሎትን ዝገድብ ምኻኑ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኻት ከይተሓለለ ተጣቢቑ። ክጸው እቲ ኩሉ እገዳታት ግና፡ ኤርትራ ምዕባለታት ሰላምን ምርግጋእን ዝምድናታት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከተተባብዕ ጸኒሓ ኣላ።

## ማሕበራዊ ስኢት

ሳላ እቲ ሓብራዊ ናይ ቃልሲ ታሪኽን ኣብታ ሃገር ዘሎ ሓያል ሃገራዊ ስምዒትን መንነትን ስጡም ማሕበራዊ ርክባት ክፍጠር ክኢሉ ኣሎ። ህዝቢ ንሓድሕዱ ኣብ ዝነብሮ ምትሕግጋዝን ኣብ መንጎ ውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን ዝረአ ምትእምማንን መርኣያ ሓድነት እዩ። ርጉእን ሰላማውን ማሕበራዊ ናብራ፡ ትሕቲት ተርእዮ ገበንን ኣልቦ ህዝባዊ ናዕብን፡ እወታዊ ወጽኢት ናይቲ ሓያል ማሕበራዊ ስኢት ህዝቢ እዩ። እዚ ህዝባዊ ሓድነት እዚ፡ ነቲ መንግስቲ ዘውጽኦ ፖሊሲታት ከጽብብን ጥዕናን ትምህርትን ብኣድማዒ ምሕደራ ኣብ ትግባረ ከውዕልን፡ ናብ ማሕበረሰብ ክዝርግሕን ኣኽኢሉ። እዚ ህዝባዊ ሓድነት እዚ፡ ነቲ ኤርትራ እተካይዶ ኸኣ ልምዓት ደራኺ ሓይሊ ዝኾነ ብርቱዕ ሃገራዊ ሓበን ፈጢሩ ኣሎ።

## ትምህርቲ

ኤርትራ ናጻ ካብ እትወጽእ ንደሓር፡ ትምህርቲ ሓደ ካብ'ቶም ቀዳምነታት ዝተዋህቦም መዳያት እዩ። መንግስቲ፡ ቀሊል ዘይብሃል ወፍሪ ንምዕባለ ትምህርቲ ብምፍሳስ፡ መሃይምነት ኣብ ምምሕያሽን ዕድላት ትምህርቲ ክስፍሕን ኣኽኢሉ እዩ። ስርዓት-ትምህርቲ ኤርትራ፡ 5-4-3-4 ኩይኑ መባእታዊ ትምህርቲ 5 ዓመት፡ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ 4 ዓመት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ 3 ዓመት፣ ናይ ኮለጅ ትምህርቲ ከኣ 4 ዓመት የጠቓልል።

ካብ 7 ክሳብ 16 ዕድመ ዘለዎም ኤርትራውያን ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ክሳተፉ ሕጊ ይእዝዝ። ኩሎም ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ዝሳተፉሉ ዕድላት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዕሪ ሳላ ዝተኻየደ ድማ፡ ብመዳይ ትምህርቲ ዓቢ ኸኣ ተበጺሑ ኣሎ።

ኣብ 1991 ዝወጽአ ንትምህርቲ ዝምልከት ኣዋጅ፡ ንኣድላይነት ኣሰጉዳዲ ተሳትፎ ኣብ ትምህርቲ ዘረጋገጸ መቓን እዩ ነይሩ። ኣብ ርሑቕ ገጠራትን ናይ መጕዓዝያ መሳለጥያታት ብቐሊል ኣብ ዘይርከቦ ቦታታትን ዘለዉ ቈልዑ፡ ናይ ትምህርቲ ተሳትፎ ምእንቲ ክረኽቡ ዘኽእል መደባትን ፖሊሲታትን እውን ብመንግስቲ ተዘርጊሑ ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ንኹሎም ህጻናት ናጻን ግዴታን እዩ። ብቐዓት ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ምህናጽን መንግስቲ ቀሊል ዘይብሃል ወፍሪ ኣፍሲሱ እዩ። ስርዓት-ትምህርቲ ከም ዝፈቕዶ ድማ፡ ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ፡ ከም ቋንቋ ስነ-ፍልጠትን ማሕበራዊ ትምህርትን ቋንቋን ይወሃብ።

ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ እውን ኣብ ኩሉ ተዘርጊሑ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ። ከምቲ ናይ መባእታ ግና ግዴታ ኣይኮነን። ክጸው መባእታዊ ደረጃ ክቕጽሉ ዝደልዩ ተመሃሮ፡ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዘሰጋግር ናይ መእተዊ መርመራ ወሲዶም ክቕጽሉ ይኽእሉ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝተወሰኑ ዓይነታት ትምህርቲ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር ከኣ፡ ከም ኬሚስትሪ፡ ፊዚክስ ባዮሎጂን ታሪኽን ይወሃብ።

እታ ሃገር፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዝሳተፉሉ ዕድላት ኣብ ምምሕያሽ እውን፡ ሓያሎ ዓወታት ኣመዝጊባ እያ። ናብ ገጠራዊ ማሕበረሰባት ቀረባ ኣብ ዝኾኑ ስፍራታት ኣብያተ-ትምህርቲ ብምህናጽ፡ ኣዋልድ ኣብ ትምህርቲ ክሳተፋ ዘተባብዕ ፖሊሲታት ስለ ዝተዘርግሐ፡ ኣብ መንጎ ጾታታት ዝነበረ ፍልልያት ብዙሕ ክጽበብ ክኢሉ ኣሎ።

ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽ እውን ሓያለ ስጉማ እያ። ተመሃሮ፡ ተጠቀምቲ ልዑልን ብቑዕ ትምህርቲ ምእንቲ ክኾኑ፡ ስርዓት-ትምህርቲ ማሰልጠኒ መምህራንን ኣብ ምምዕባል መንግስቲ ብዙሕ ወፍሪ ገይሩ። ሳላ እዚ ጻዕርታት እዚ እዩ ኤርትራውያን ከም 'TIMSS' ኣብ ዝኣመሰሉ ዓለምለኻዊ መርመራታት ቁጽሪን ሳይንስን ኣብ ዝወሰዱሉ ግዜ ኣዕጋቢ ውጽኢት ዘርእዩ ዘለዉ።

## ኣገልግሎት ጥዕና

ኤርትራ ካብ 1991 ንደሓር፡ ንኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ዝምልከት መዳያት ብዙሕ ምዕባለታት ኣርእያ እያ። ኣገልግሎት ጥዕና ከም መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፡ መንግስቲ ቀዳምነት ሂቡ ብዙሕ ወፍሪ ኣፍሲሰሉ እዩ።

ኣብቲ መንግስቲ ዝዘርግሖ ሓፈሻዊ ስርዓት-ጥዕና ብሰለስተ ደረጃታት - ማለት መባእታዊ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ብደረጃ ከም ዝውሃብ ቀረብ ክንክን ጥዕናን፡ ኣብ ፍሉይ ዕማማት ዘተኩሩ ጥዕናዊ ኣገልግሎታትን ይሕቈፉ።

ኣብ መላእ ሃገር፡ ነቕጣታት ጥዕናን ሆስፒታላትን ብምህናጽ፡ ኣብ ትሕተ ቅርጺ ጥዕና ብዙሕ ጻዕሪ ተኻይዱ። መንግስቲ ብዙሕ ሰብኣዊ ዓቕሚ ብምስልጣንን ብምውሃብን ኣገልግሎት ጥዕና ናብ ርሑቕ ገጠራት ክበጽሕ ኣኽኢሉ። ኣብ ምልእቲ ሃገር ዝረአ ዘሎ ብዙሒ ነቕጣታት ጥዕናን ብዙሒ ሰራሕተኛታትን እውን ሳላ እዚ ዝተኻየደ ጻዕርታት እዩ።

ፍሉይ ጥዕናዊ ብድሆታት ዝሓትቱ ዓይነታት ሕማም ኣብ ምምካት፡ ኤርትራ ኣድማዒ ስራሓት ኣሳሊጣ እያ። ዓሶ ኣብ ምቍጽጻር ዝተረኽበ ወጽኢት፡ ከም ሓደ ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕርን መደባትን ተርእዮታት ዓሶ ኣዝዩ ከምዝጐደለ ይፍለጥ። ከም ሕማም ዓባይ ሰዓልን (ቲቢ) ኤይድስን ዝኣመሰሉ ሕማማት ኣብ ምክልኻል፡ ሰፊሕ ምንቅስቓሳት ተኻይዱ። ብዘይካ እቲ ቲቢ ኣብ ምቁጽጻር ዝተዘርግሐ መደባት፡ ቀረብ ጸረ ኤችኣይቪ መድሃኒት እውን ድልዊ ኩይኑ ኣሎ። ብኽታበት ክንክለኸሎም ኣብ ዝኮኣሉ ሕማማት እውን ዕዉት ናይ ክታበት ወፈራታት ተኻይዱ እዩ።

ቀዳማይ ኣገልግሎት ጥዕና ዝሀቡ ኩነታት ኣደን ዕሸልን ዝከታተሉ፡ ክታበት ዝዕድሉን ሕሙማት ዝከታተሉ ክሊኒካትን ማእከላት ሕክምናን ብሰማዊ ናይ ካርድ ክፍሊት ብናጻ ኣገልግሎት ኣብ ምልእቲ ሃገር ተዘርጊሖም ኣለዉ። ኣብ ክንክን ኣደን ዕሸልን ብዝተመርኮሰ ሕክምናዊ መደባት፡ ኣብ ግዜ ወሊድን ድሕሪ ወሊድን ዘጋጥም ሓደጋታት ኣደን ናጽላን ንምቍጽጻር ድማ ዝሰልጠኑ ዓቕሚ ሰብ ተዋፊሩ ኣሎ።

ህዝባዊ ኣፍልጦ ጥዕና ኣብ ምምዕባል ዝኻየድ ጻዕርታት እውን ሓደ ኣገዳሲ ኣካል እቲ ፖሊሲ እዩ። መንግስቲ፡ ጥዑይ መትዐብሮ ህዝቢ ንምምዕባል፡ ህዝቢ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብር፡ ኣመጋግባ ከመሓይሽን ምትካኽ ሽጋራ ከቋርጽን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻል እውን ጽርየት ክዘውትር ጐስጓሳት ክገብር ጸኒሑ።

ናብ 8ይ ገጽ ይቕጽል



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሸባብ

ሃማመተኤ

ሬፖርታዥ

## ድሙቕ ጽምብል፡ ኣብ ቅንያት እቲ ድሙቕ በዓል

ናጽነትና ብልዑል ማዕርግ ከነብዕል ኣብ ዘቖናናሉ ቅነ፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመት 2023 ብፊተውራሪ፡ ሕመረትን ማእከላይ ደረጃ ካድርን ከሰልጥኖም ዝጸንሐ 3,606 ተመሃሮ፡ ብ27 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ከመርቕ እንከሎ፡ ኣብ መንጎ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ንኣስታት ሓደ ወርሒ ክካየዶ ናይ ዝጸንሐ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ኸኣ ኣብቲ መዓልቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣካይዱ።

እቲ ንብዓል ናጽነትና ብኽብ ዝበለ ደረጃ ዘንጸባርቐ መደብ፡ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ግንባር፡ ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ባይቶን፡ ወለድን ተመሃሮን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ብሰልፊ ተመሃሮን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን እዩ ፈሊሙ። ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍለ ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቓል፡ ብምኽንያት እዚ ኽቡር በዓል የሃናኡ ድሕሪ ምግላጽ፡ “ራኢ ሃማመተኤ፡ ብኹሉ እንተናኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ ኩይኑ፡ ነዚ ንምብጻሕ ድማ ‘መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ!’ ዝብል መርሓ እናተኸተለ፡ ንምትግባሩ ኣብ ስራሕ ይርከብ፡” ብምባል ንራኢን መርሓ ጭርሖን ማሕበር ገሊጹ። ቀጺሉ ማሕበር ነዚ ራኢ ንምስማር ስርትራተጂያውን ውጥን ብምድላው፡ ዕላማታቱ ኣነጺሩ ኣብ ምትግባሩ ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምብራህ፤ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቍጠባውን ታሪኻውን ንቕሓት መንእሰያት ምብራኽ፣ ውደበታት ናይ ተመሃሮ ምሕያልን ምውርጻጽን፣ ኣብ መንእሰያት ናይ መሪሕነትን ምሕደራን ክእለቶም ምስራሕ፣ ኣብ ህንጸት ኣካላውን ኣእምሮኣውን ህንጸት ብኣተኵሮ ምስራሕን ካልኦትን ገለ ካብቲ ዕላማታት ማሕበር ምዃኑ ገሊጹ። ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ኣብ መዛዘሚ ዝበጽሐ ስሺካዊ ስልጠናታት ተመሃሮን ስፖርታዊ ግጥማት መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ንምዕዋት ዝሓገዙ ወገናት ኣመስጊኑ።

ሃማመተኤ፤ ተመሃሮ ኣብ ኵሉ ደረጃታት ኣፍቀርቲ ትምህርትን



ጥበብን፡ ሓያላትን በላሕትን፡ ኣንበብትን ተመራመርትን፡ መሃዝቲ፡ ኣኽበርትን ኣማዕበልትን ባህሊ፡ ህርኩታትን ብደረጃ ዓለም ተወዳደርትን ንክኾኑ፡ ኣብ ኵሉ ዓውድታት ትምህርቲ ጸብለል ንኽብሉ፡ ኵሉ ጐድናዊ ብቕዓት ንኽማዕብሉ፡ ሰፊሕ ሌላን ርጡብ ፍልጠትን ሰብኣዊ ባህሊ ንኽህልዎም፡ ሓላፍነት ዘሰክም ንቕሓት መሪሕነትን ምሕደራን ንኽህልዎም ደራኺ ኣበርክቶ ንምግባር፡ ነፍሲወከፍ ዓመት ኣብ ኵለን ዞባታት በብደረጃኦምን ዓይነቶምን ዝኸይድ ስልጠናታት ክህብን ክውድብን ጸኒሑን ኣሎን። ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ከኣ ኣብዚ ዓመት 2023፡ ን3606 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ብሲቪካዊ ትምህርቲ ከምህር ጸኒሑ፡ ናብ ምምራቕ ኣብቂዖም ይርከቡ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ነዚ ስልጠናታትን ዕላማኡን መብርሂ ዝሃበ ሓላፊ ውዳበን ፖለቲካን ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ኣቶ ሮቤል ከበደ፡ “ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ስልጠናታት ንተመሃሮ ንቕሓታዊ መደባትን ስልጠናታትን ብምስራዕ፡ ኣብ ርእሲ ስሩዕ ኣብ ኣብያተ ትምህርቶም ዝወሃቦም ኣካድያምያዊ ትምህርቲ፣ ፍልጠቶም ብምብራኽ፣ ንቑሓት፡ ውፉያት፡ ብቑዓት ዜጋታት ኣብ ምህናጽ ምቕሉል ኣበርክቶ ምግባር እዩ፡” ድሕሪ ምባል፡ እቲ ዝተዋህበ ስልጠና ሲቪክስ ብደረጃ ዕድሚኦምን ደረጃ ትምህርቶምን እናበረኸ ዝኸይድ፣ ንባህልን ልምድን ሕብረተሰብ፡ ታሪኽ፡ ፖለቲካ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ህይወትን ስነ-ልቦናን ዘተኩረ፡ ልዕሊ 40 ኣርእስታት ዝሓቘፈ ስልጠናታት ብካሪክለም ተዳልዩ በብደረጃኦም ከም ዝመሃርዎ ከም እተገብረ ገሊጹ።

ቀጺሉ፡ ኣብ ዓመት 2023 ዝተኻየደ ስልጠናታት 1378 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 2253 ተመሃሮ ስልጠና ፊተውራሪ፣ 680 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1151 ተመሃሮ ስልጠና ሕመረት፡ 126 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 202 ተመሃሮ ስልጠና ማእከላይ ደረጃ ካድር፣ ብድምር 2182 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 3606 ሰልጠንቲ ብውክልና ይምረቑ ምህላዎም ወሲኹ ኣብሪሁ። ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሮቤል፡ ተመረቕቲ ንዝረኸብዎ ዕድል ስልጠና ናብ መዛኑኦም ከመሓላልፉ፡ ብቐጻሊ ንባብን ኣብ ንጥፈታት ብምስታፍን ድማ ፍልጠቶምን ተመኩሮኦም ከበርኹ፡ ከምኡ’ውን ንዝተዋህበ ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብልዑል ስነ-ምግባርን ብቕዓትን ክጥቀምሉ ተላብዩ።

ኣብዚ ናይዚ ዓመት ስልጠና ሲቪክስ ተመሃሮ፡ በብደረጃኡን ዓውዱን ጸብለል ንዝበሉ ተመሃሮን ንኡሳን ዞባታት ማሕበርን ዝተዳለወ ሽልማት፡ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ዕዱማት ሰበ ስልጣን ተዓዲሉ።

ሃማመተኤ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሃገራውያን ትካላትን ሚኒስትሪታትን ዝርከቡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ብመገዲ ውደበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ብምውዳብ፡ ኣብ ኵሉ መዳያዊ ንጥፈታት ማሕበር ተዋሳእነቶም ከሐይሉ ክሰርሕ ጸኒሑ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ብቦታ ስርሖምን ኣብ ትካላቶምን ተወዲቦም ኣብ ኵሉ ዝተዋፈርሉ ዓውድታት ስራሕ ክብ ዝበለ ሞያውነት ከማዕብሉን ነብሶም ብቑጻሊ እናመሃሩ ዘየቋርጽ ምምሕያሽ ክገብሩን፡ ውሕሉልን ጽፉፍን ፍርያት ከፍርዩ - በዚ ኸኣ ጎብለል ልምዓትን ህንጸትን ክኾኑ ዝድርኹ ዝተፈላለየ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን፡ ከምኡ’ውን ሞያኦም ንምዕባይን ክእለት ንዕጣቕን ስልጠናታት ክህብን ክሰርዕን ጸኒሑ ኣሎ። ከም ኣካል ናይዚ፡ ውደበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ቅንያት ናጽነት ከካይዶ ዝጸንሐ ውድድራት ቅነ ናጽነት፡ ብሰሪ ኮቪድ-19 ኣቋሪጹዎ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብዚ ዓመት ን24 ሃገራውያን ትካላትን ሚኒስትሪታትን ዘካተተ ስፖርታዊ ግጥማት ከካየድ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ ዕለት ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣካይዱ።

ኣብቲ ካብ 4 ሚያዝያ ኣትሒዙ ዝጀመረ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ፡ 24 ጋንታታት ኣብ ኣርባዕተ ምድብ ብምስራዕ፡ ናይ ምድብ ግጥማተን ከካይዳ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ነፍሲወከፍ ምድብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ናብ ግጥማት ኣውዲቕካ ምሕላፍ ከም ዝሓለፋ ተገይሩ። ካብተን ሸሞንተ ጋንታታት ንመጋጥምተን ስዒረን ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዝሓለፋ ጋንታታት፤ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ሓራት፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኤሪተልን እየን ነይረን። ኤሪተል ንኵባንያ ሓራት፡ ከምኡ’ውን ሓይሊ ኤለክትሪክ ንምምሕዳር ዞባ ማእከል ብፍጹም ቅላዕ ብምርታዕ ናብ ፍጻመ ሓሊፈን። ንደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ጋንታ ሓራት ተዓዊታትሉ። ኤሪተልን ሓይሊ ኤለክትሪክን ናይ ዋንጫ መን ወሰደ ግጥመን ኣብዚ ድሙቕ መዓልቲ ጸወታኣን ከካይዳ ተመደበ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ዝተረኽብሉ ናይ ፍጻመ ግጥም፡ ጋንታታት ኤሪተልን ሓይሊ ኤለክትሪክን ሜዳ ኣብ ዝኣተዋሉ፡ ናይ ክብሪ ዕዱማት ናብ ሜዳ ብምውራድ ሰላምታ ብምልውዋጥ ንኽልተኣን ጋንታታት ጽቡቕ ዕድል ተመንዮም። ሓላፊ ውዱባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ዩሱፍ ሳይቕ፡ ኵዕሶ ቀብቂቡ ብምቕላዕ ነቲ ግጥም መረቑ። ጸወታ ኣብ ፈለማ ሚዛናዊ መሲሉ ተራእዩ። ሓይሊ ኤለክትሪክ ካብ ሓላዊ ልዳት ኤሪተል ተተፊኣ ዝተመልሰት ኵዕሶ ኣብ ሰኪዐት ብምጽንባር መሪሕነት



ሓ/ሃማመተኤ ዞ/ማእከል
ኣቶ ሳምሶን ክፍለ

ሒዞ ናብ ዕረፍቲ ኣምረሐት። ድሕሪ ዕረፍቲ ኤሪተል ጸወታ ዓብሊላ ኣብ ዝቐረበትሉ፡ ክልተ ሸቶታት ኣከታቲላ ብምምዝጋብ ንሓይሊ ኤለክትሪክ ስዒራ ዋንጫ ናጽነት ጨቢጣ። ኣብ መላእ እዚ ግጥም ብብዝሒ ሸቶ ቀዳማይ ዝተዓወተ ሮቤል ካብ ጋንታ ሓራትን ብሉጽ ተጻዋታይ ናዚ መላእ ግጥማት መርሃዊ ካብ ጋንታ ኤሪተልን ዋንጫ ክሸለሙ በቒዖም። ሳልሰይቲ ዝወጽአት ጋንታ ሓራት ነሓስ መዳልያን ንእሽተይ ዋንጫን፡ ካልኣይቲ ሓይሊ ኤለክትሪክ ብሩር መዳልያን ማእከለይቲ ዋንጫን ኤሪተል ከኣ ወርቂ መዳልያን ዓባይ ዋንጫን ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ካብ ናይ ክብሪ ዕዱማት ሽልማተን ተቐቢለን።

ኣብዚ ግጥማት፡ ኣብ መንጎ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ልዑል ሓድነትን ሓያል ስፖርታዊ ህልኽን ዝተራእዮ ምንባሩ ዝገለጸ ኣቦ መንበር ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ፣ ኣብዚ 720 መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተሳተፉዎ ውድድር፡ 68 ጸወታታት ክካየድ እንከሎ፡ 270 ከም ዝተመዝገበ ገሊጹ።

ኣብዚ ድሙቕ ኣገባብ ዝተጸምበለ መመረቕታ ተመሃሮ ሲቪክስን ስፖርታዊ ግጥማት መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ብዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ተሰንዩ እዩ መደቡ ብውዕውዕ መንፈስ ብዝኽረ ሰማእታት ዛዚሙ።

ሱራፌል ተ.









# ሓሳባት

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰሪቱ ክፋል

መበል 36 ክፋል

**ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍዚ፡ "ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ንኣቋውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ-**

### ኣቃውማ ሃገረ ሶማልያ

ቀዳሞት ሰፈር ሶማል ከም መብዛሕትኡ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኒላዊያን ኩሻዊያን እዮም። ብሹዕታ ዝተረኽበ ቅርሲታትን ኣብ በዓቲ ዝተሳእሉ ስእሊታትን ኣብ ሶማል ንልዕሊ 5000 ዓመት ዝኸውን ስልጣነ ከም ዝነበረ ይእምቱ። ገለ ተመራመርቲ ታሪኽ፡ እቲ ቅድሚ 4500 ዓመት ዝነበረ ስልጣኑ-ፑንት ቀንዲ ማእከሉ ኣብ ከባቢ ናይ ሎሚ ሶማል ምንባሩ ይገልጹ። ስልጣነ ፑንት ካብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ክሳብ ሶማል ይዝርጋሕ ምንባሩ ብዙሓት ዝሰማመዕሉ ኮይኑ፡ ኣዝዩ ምዕቡሉን ሓያልን እዩ ነይሩ። ግሪኻውያን ጸሓፍቲ፡ ቅድሚ ኣስታት 2500 ዓመታት ማኩቢያውያን (Macobians) ዝበሃሉ ሓያላት ቀቢላዊ ነገስታት ኣብ ናይ ሎሚ ሶማልያ ከም ዝነበሩ ይገልጹ። "ባሕሪ ኤሪትርያ" ዝርእስቱ ኣብ ቀዳማይ ሓበራዊ ዘመን ዝተጻሕፈ ጽሑፍ'ውን ኣብ ገማግም ሶማል ሓያሎ ምዕቡላት ወደባት ከም ዝነበራ ይጥቅስ።

ሃይማኖት ምስልምና ኣብ ወደብ ዘይላ (Zeila ሎሚ Saylac) ሓጺር ግዜ ድሕሪ ሕጅራ ነብዩ መሓመድ (ነብዩ መሓመድ ካብ መካ ንመዲና ዝሃደሙ 622 ሓ.ዘ.) ተኣታቲዩ መስጊድ ኣል ቅብላታይ (Masjid al-Qiblatayn) ኣብ 7ይ ሓዲሽ ዘመን ከም ዝተሰርሐ ይፍለጥ። (ቅብላ ዝብል ቃል 'ናብ ቃባ መካ ዝጥምት' የስምዕ)

Masjid as-Sahabah Masjid al-Qiblatayn

መስጊድ ብጹት (ባጽዕ)

መስጊድ ክልተ ቂብላ ዘይላ (ዘይላ - ሶማሊላንድ)

ኣብ 7ይ ሓ.ዘ. ዝተሃንጸ መስጊድ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ

ኣብ ዘመንና ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ቀዳማይ መስጊድ ኣብ ሃገረን ከም ዝተሰርሐ ይገልጻ እየን። መብዛሕትኦም ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ግን ካብ መካ ፈለማ ቀይሕ ባሕሪ ዝሰገሩ ሰዓብቲ ነብዩ መሓመድ ኣብ ባጽዕ ከም ዝመጹን ኣብ ባጽዕ መስገዲ ብጹት (Masjid as-Sahabah ማለት Mosque of Companions) ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ 7ይ ዘመን ከም ዝሰርሑ ይገልጹ። ኣበይን መዓስን ቀዳማይ መስጊድ ኣብ ኣፍሪቃ ተሰሪሑ ንተመራመርቲ ታሪኽ ገዲፍና፡ ሃይማኖት ምስልምና ኣብ ግዜ ነብዩ መሓመድ ኣብ ኣፍሪቃ ከም ዝኣተወ፡ ህዝቢታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሮም ዝተኸተልዎ ሃይማኖት ምዃኑ ምርዳእ እኹል እዩ።

ካብ ቀዳማይ ሓባራዊ ዘመን ኣትሒዙ ኣብ ሶማል ብዙሓት ናይ ከተማ ንግስታት ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ካብዚተን ኣዝየን ሓያላት ሓንቲ ብንግስነት ኣዳል እትፍለጥ እያ። ንግስነት ኣዳል ካብ 9ይ ሓ.ዘ. ኣትሒዛ ኣብ ዘይላ (ሰሜናዊ ሶማል - ሶማሊላንድ - ኣስታት 25 ደቡብ ካብ ጅቡቲ) ዝነበረት፡ ኣብ 15ን 16ን ሓ.ዘ. ድማ ሓይላ ኣብ ጥርዚ ብምብጻሕ ንመላእ እቲ ከባቢ ክሳብ ውሽጢ ኣቢሲንያ (ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ) ትቆጻጸሮ ምንባራ ይፍለጥ። ኣብ 15ን 16ን ክፍለ ዘመን ሶማላውያን ነገስታት ምስ ነገስታት ኣቢሲንያ ብዙሕ ግዜ ከም ዝገጠሙን ኣብ መብዛሕትኡ ውግኣት ድማ ብዘውሓደ ሰራዊት ሶማላውያን ይዕወቱ ምንባሮም ናይ ታሪኽ ጽሑፋት ይገልጹ።

ሓደ ካብቶም ሓያላት ነገስታት ሶማል፡ ኣሕመድ ቢን ኢብራሂም ኣል-ጋዚ፡ ሶማላውያን ጉራይ፡ ኣምሓራ ከኣ ግራኝ ዝብልዎ (ኣብ ከባቢታት ኤርትራ ኣባ ግራይ)፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንዝነበሩ መሳፍንቲ ኣቢሲንያ ንኹሎም ሰዒሩ ዳርጋ መላእ ኣቢሲንያ እንተላይ ትግራይ ብ1527 ተቖጻጺሩ ነይሩ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ፖርቱጋላውያን ሰራዊት፡ ክሪስቶፎር ደ ጋማ (Cristóvão da Gama) ወዲ እቲ ፍሉጥ ቫስኮ ደ ጋማ ዝመርሖም ከኣ ንሓገዝ ተጸዊዖም ንግስጋስ ጉራይ ኣዘሓሊሎሞ። ኣሕመድ ጉራይ ሰራዊቱ ዳግም ወዲቡ እንደገና ብ28 ታሕሳስ 1542 ኣብ ትግራይ (Batttle of Wolfa) ንፖርቱጋላውያን ሰዒሩ ንመራሒኦም'ውን ቀቲሉ። ድሕሪ ኣስታት 6 ወርሒ ፖርቱጋላውያንን ኣቢሲናውያንን ዝተፈ ሰራዊት ብምስላፍ ኣብ ከባቢ ቀላይ ጣና ብ21 ለካቲት 1543 ኣብ ልዕሊ ኣሕመድ ጉራይ ተዓዊቶም። ኣብቲ ውግእ ከኣ ጉራይ ተቐቲሉ። ሰበይቲ ኣሕመድ ጉራይ፡ ኑር ዝበሃል ዘመዱ ተመርዕያ ሕነ ሰብኣያ ክፈዲ ኣመባጺዓቶ። ኑር ድሕሪ ኣሕመድ ጉራይ ነጊሱ፡ ከም መብጽዓኡ ከኣ ንንጉስ ኣበሲኒያ ኣብ ዝቐጸለ ውግእ ቀቲልዎ።

ሶማልያን ኣቢሲንያን ወትሩ ኣብ ቀጻሊ ውግእ እየም ኣሕሊፈሞ፡ ይኹን'ምበር እቲ ውግኣት ከምቲ ሰነዕቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን ዝገልጽዎ ዘይኮነስ ኣብ መብዛሕትኡ ግጥማት ሶማላውያን እዮም ላዕለዋይ ኢድ ዝነበሮም። እቲ ብቐጻሊ ዝጻረሉ ኣሕመድ ጉራይ ዝተቐተለሉ ውግእ ጣና ድሕሪ ብዙሕ ውድቀት፡ ብደገፍ ፖርቱጋል ዝተረኽበ ዓወት እዩ ነይሩ። ድሕሪ ዓወት ቀላይ ጣና ፖርቱጋላውያን ንገማግም ህንዳዊ ውቅያኖስ ክቆጻጸሩ ብዙሕ ፈቲኖም ኣብ ገለ እዋናት'ውን ወደብ ሞምባሳን ካልእ ቦታታትን ተቖጻጺሮም ነይሮም። ሶማላውያን ምስ ብሪጣንያ ብምትሕብባር ብዙሕ ግዜ ገጢመሞም ኣብ መጨረሻ ከኣ ፖርቱጋላውያን ስሒቦም።

ኣብ 18ን 19ን ክፍለ ዘመን ወደብ በርበራ ኣገዳስነታ ዓቢዩ ምስ ማእከላይ ምብራቕ ብዙሕ ንግዳዊ ርክብ ነይሩዋ። ኣብቲ እዋን'ቲ በርበራ ኣስታት 70,000 ነብርን ካብን ናብን ኣቢሲንያ መዓልታዊ ንብረት ዘመላልሳ 6,000 ኣግማል ነበራኣ። ኣብ 18ን 19ን ክፍለ ዘመን መሳፍንቲ ኣቢሲንያ ዘሕትዎምን ዝልእኽዎምን ብቐንዱ ብበርበራ ነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ወደብ ዘይላ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣዕራብ (የመናውያን) ኮይና፡ በርበራ ግን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሶማላውያን ደቀባት ነበረት። ኣብ መላእ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከኣ እንኮ ካብ ዝዓበያ ወደባት ኣቢሲንያ ናጻ ዝነበረት'ውን ኣብ ከባቢ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ምንጣብ ንግዲ ዝነበራ ኢያ ዝብል...

ግዝኣት ሶማል ብዘይካ ሓደ ... 

ግዝኣት ዘይላ ንእግረ መንገዲ ... 





ግብርን ቀረጽን ናጻ ወደብ ነበረት። ኣብ 1841 ሓጂ ሻርማርከ ዝተባህለ ሃብታም ሶማላዊ ነጋዳይ ደቀባት ሰራዊት ብምስላፍ ኑቶም ግዝኣት ዘይላ ዝነበሩ ኣዕራብ ሰዒሩ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩዋ። በርበራ ንምቁጽጻር ፈተነታት ገይሩ ግን ኣይሰለጦን። ሓጂ ሻርማርከ ኣብ ውሽጢ ኣቢሲንያ እውን ዝቆጻጸሮ ከባቢታት ነይሩዎ።

ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ኤውሮጳውያን ዳህሰስትን ሚስዮናውያን ሰበኽትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብብዝሒ ይመጹን ይሰፍሩን ነበሩ። ኣብ 1899 ፈረንሳውያን ሚስዮናውያን ንሓያል መናእሰይ በርበራ ናብ ሃይማኖት ክርስትና ከም ዝቐየሩ ገበሩዎም። እዚ ከኣ ንሱልጣናት ሶማል ኣቖጢዑ ኣንጻር ኤውሮጳውያን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስዱ ደረኾም። ኣብቲ ከባቢ ሓይሊ ዝነበራ ብሪጣንያ ከኣ ብሓይሊ ክትምልስ ጀመረት። ሶማላውያን ከኣ ከምቲ ናይ ሱዳን፡ ደርቡሽ ዝተሰየመ ወተሃደራዊ ተቓውሞ ኣንጻር ብሪጣንያ ኣልዓሉ። ሱዳንን ቱርክን ከኣ ዕጥቂ ሃቡኦም። ንኣስታት 21 ዓመት ኣንጻር ወተሃደራት ብሪጣንያ ድሕሪ ምግጣም ከኣ፡ ኣብ 1920 ብነፈርቲ ዝተሰነየ መጥቃዕቲ ብሪጣንያ ኑቲ ምንቅስቓስ ኣዳኺሙ ሰዒሩዎ።

### ምምስራት ብሪጣንያ-ሶማሊላንድ፡ ኢጣልያ-ሶማሊላንድ

ብሪጣንያ ንድርቡሽ ሶማል ምስ ሰዓረት፡ ንቦታኦም ኣብ ትሕቲ 'ሓለዋ ብሪጣንያ' ኣእተወቶ። ወግዓዊ ስሙ ከኣ ብሪጣንያ-ሶማሊላንድ ኮነ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን ሰሜናዊ፡ ማእከላይን ደቡብን ሶማል ብሱልጣናት ሆብዮን ማጀርቲን እዩ ዝመሓደር ነይሩ። ጣልያን ከምቲ ኣብ ዓሰብ ቅድሚ 20 ዓመት ዝገበረቶ ምስቶም ሱልጣናት ናይ ሸፈጥ ውዕል ብምፍራም በብቐሩብ ክትኣቱ ጀመረት። ኣብ 1889 ኑቲ ቦታ ናብ ግዝኣታ ብምቕያር ድማ ኢጣልያ-ሶማሊላንድ ኢላ ጠሚቓቶ።

ኣብ ሶማልያ ብዙሓት ኑበሰን ዝኾኣላ ወደባትን ከተማታትን ካብ ነዊሕ ግዜ ጸኒሐን እየን። ሓያላት ሱልጣናት ንሰሜናዊ ክፋል ሶማልያ ተቖጻጺሮም ንደቡብን ንኣቢሲንያ'ውን ይቆጻጸሩ ምንባሮም እውን ርኢና። ናይዞም ሓያላት ሱልጣናት ቀንዲ ስክፍታ መሳፍንቲ ኣቢሲንያ ብምንባሮም ዝበዝሐ ግዜ ናብኦም እዮም ዘተኩሩ ነይሮም። በዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሶማል ዝም ሓያላት ሱልጣናት፡ ብሞዕዶ ኢድ ዝሰኣኑ ብዙሓት ንኣሽቱ እንዳዊ ሱልጣናት ምምሕዳሮም ከይተተንከፈ ይቕጽሉ ነይሮም።

ሶማል ኣብ ትሕቲ ጣልያንን ብሪጣንያን ምስ ኣተወት፡ እቶም ሓያላት ኩናትኸሙ እንክለዉ እቶም ብተዛማዲ ንኣሽቱ ሱልጣናት ዳርጋ ከም ቀደሞም እዮም ቀጺሎም። ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያ ዝነበረ ክፋል ኣብ 5 ዞባታት (ሓውሲ እንዳታት) ዝተኸፍለ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ጣልያን ዝነበረ ድማ፡ ኑቲ ኣብ 1920ታት ዝተቆጻጸረቶ ጁባላንድ ሓዊስካ (ንምጥቃሱ ጁባላንድ ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያ እያ ነይራ፡ ይኹን'ምበር ኢጣልያ ኣብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ምስ ብሪጣንያ ስለ ዝተሰለፈት ጁባላንድ ከም መቑሸሽ እያ ተዋሂባታ) ኣብ 12 ዞባታት ዝተመቐለ እዩ ነይሩ። ጣልያን ይኹን ብሪጣንያ ኣብቲ ዝተቖጻጸረኦ ቦታታት እንዳዊ ዝምድናታት ከም ዘበሮ ክቐጽል ብምግዳፍ፡ ሃገራዊ ዝበሃል መንነት ኣይተኸላን።

ጣልያን ካብ 1920ታት ኣትሒዛ ኑቲ ብውዕል ዝሓዘቶ ከባቢ መቓድሾ በብቐሩብ ኣስፋሓቶ። ተቓውሞ ሶማልያውያን ምስ በርትዓ ከኣ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዓስከር ብምምጻእ ኣብ መወዳእታ 1920 ንብምሉኡ ማእከላይን ደቡባዊን ሶማል ተቖጻጸረቶ። ኣብ መጀመርያ 1940ታት ጣልያን ኑቲ ብዝሒ ዘይነበሮ ናይ ብሪጣንያ ሓይሊ ሰዒራ ንመላእ ሶማል ተቖጻጺራታ። ኣብ ግዜ ካልኣይ ውግእ ዓለም ግን ብሪጣንያ ከምቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ሶማል ከኣ ንጣልያን ሰዓረታ። ኣብ 1945 ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ሕቡራት ሃገራት ኢጣልያ ንኢጣልያ-ሶማሊላንድ ንግዚኡ ከተመሓድራ ፈቐደ። ብሪትሽ ሶማሊላንድ ድማ ክሳብ 1960 ኣብ ትሕቲ 'ሓለዋ' ብሪጣንያ ጸንሐት። ብሪጣንያ ብዘዕባ ሶማል ብዙሕ ግዳስ ስለዘይነበራ ሃጸይ ሃይለስላሰ ሶማላውያን ሰበኽ ሳግም ናብ ዝብርሉ ሰፊሕ መሬት (ኦጋዴን) ሰላሕ ኢሉ ብምእታው እጀታይ እዩ በሊዑ። እቲ ብሪጣንያ ብወለንታ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ዝገደፈትሉ መሬት ኣሰሓሕቢ ምስ ኮነ ብሪጣንያ ብ1956 ክትገዝኦ ፈቲና። ሃጸይ ሃይለስላሰ ግን ዕጮ በሊዑ።

ብ1 ሓምለ 1960፡ ግዝኣት ጣልያንን ብሪጣንያን ዝነበራ ክልተ ሶማል ብምሕባር ሪፓብሊክ ሶማል መስረታ። ብ1969 ከኣ እቲ ፕረዚደንት ተቐቲሉ፡ ብዘይ ካልእ ክሳራ ከኣ ሜጀር ጄነራል ሲያድ ባረ ዕልዋ መንግስቲ ብምክያድ ፕረዚደንት ኮይኑ።

### ባህጊ ዓባይ ሶማልያ

ሶማላውያን መሬትና ዝብልዎ፡ እንተላይ ግዝኣት ጅቡቲ ሓዊስካ ናይ ሓባር ዓባይ ሶማልያ ንምህናጽ ኣብ መወዳእታ 1950ታት ፈቲኖም ነይሮም። ቀንዲ ጸገም ከኣ እቲ ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ ዝነበረ ቦታ ኮነ። ድልየት ህዝቢ ጅቡቲ ንምስማዕ ኣብ 1958 ምስ ሶማል ምሕባሮ ወይስ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ፈረንሳ ምጽናሕ ዝብል ረፈረንዱም ተኻይዱ። ቅድሚ ምድማጽ ረፈረንዱም፡ ፈረንሳ ንብዙሓት ሶማላውያን ካብ ግዝኣዎም መሬቶም ኣባረረ፡ ኣብ ጅቡቲ ዝነበሩ ፈረንሳውያን ከድምጹ ብምፍቃድ፡ ድምጺ ሶማላውያን ዓምጺጹ። ኣብቲ ረፈረንዱም ከኣ እቶም ደቀባት ዓፋር ምስቶም ፈረንሳውያን ተሓዊሶም ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ፈረንሳ ምጽናሕ ይሕሸና ኢሎም ብምድማጽ ዓብላሊ ድምጺ ረኺቦም። ጅቡቲ ከኣ ኣብ 1977 ናጽነታ ረኺባ፡ እቲ መጋዝእቲ ይሕሸና ዝበለ ሶማላዊ ሓሰን ጉለድ (Hassan Gouled Aptidon) ከኣ ፕረዚደንት ኮይኑ ተመርጸ።

ኣብ ሓምለ 1977 ሲያድ ባረ ኑቲ ብዓመጽን ሽርሕን ተወሲዱ ዝብሎ መሬት ሶማል ንምምላስ ኣብ ኦጋዴን መጥቃዕቲ ከፈተ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ 90% ኦጋዴን እንተላይ ጂጂጋ ተቖጻጺሩ፡ ንሃረር ክምርሽ ጀመረ። መጥቃዕትን ምረሻን ሶማላውያን ደው ዝበል ይመስል ኣይነበረን። ምድጋም ታሪኽ ክመስል - ንኢትዮጵያ ዳግም ካብ ሶማላውያን ንምድሓን ወጸኢተኛታት ተዓደሙ - ሕብረት ሶቭየት ንደርጊ ክሳብ ዓንቀሩ ኣዕጢቓ፡ ኣሽሓት ኣማኸርቲ፡ 17,000 ኩባውያን ኮማንዶ፡ ኣሽሓት የመናውያንን ኣሰሊፉ ኣብቲ ውግእ ብምሉእ ሓይሊ ብምስታፉ፡ ሶማላውያን ተሳዒሮም።

ቅድሚ ውግእ ኦጋዴን ቀንዲ ዓርክን መዋሊትን ሲያድ ባረ ሕብረት ሶቭየት እያ ዝነበረት። ሕብረት ሶቭየት ጸግዒ ኢትዮጵያ ምስ ሓዘት፡ ድሕሪ እቲ ውግእ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንሕብረት ሶቭየት ተኪኣ ንሲያድ ባረ ክሳብ 1991 ኣሳሰየቶ። ድሕሪ ውግእ ኦጋዴን፡ ብደገፍ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሲያድ ባረ ስልጣኑ ኣደልዲሉ ቀጺሉ። ኣብ ግንቦት 1986 ግን ኣብ መቓድሾ ብሰንኪ ብርቱዕ ማይን ህቡብላን ሲያድ ባረ ከቢድ ናይ መኪና ግጭት ሓደጋ ኣጋጢምዎ ብድሕሪኡ ተዳኺሙ እዩ። ድሕሪ ምድኻሙ ድማ ዝተፈላለየ ተቓውሞታት ኪጋጥሞ ጀሚሩ። ገለ ካብቶም ተቓወምቲ ብኢትዮጵያ ዝቐሙን ዝምወሉን ኮይኖም፡ ሶማልያ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክትዳኸምን ክትብቲተን ዝጽዕቱ ነበሩ። ማእከላይ መንግስቲ ሲያድ ባረ ተዳኺሙ ሰራዊቱ ክፈላለ ምስ ጀመረ፡ ኩናት ሓድሕድ ተላዒሉ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ሶማልያ ኣብ ዝቐቲ ወደቐት። ኣብ መወዳእታ 1992 ሕቡራት መንግስታት ኣብ ሶማል ዓቃብ ሰላም ክኣቱ ወሰነ፡ ድሕሪ ምውዳቕ ሲያድ ባረ ሶማልያ ዝኣተወቶ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ ዝቐቲን ብሞት፡ ስንክልናን ስደትን ዝኸሰረቶ ሰብን ገና ሰፊሕ መጽናዕቲ ዘድልዮ እዩ።

ሎሚ ሶማል ኣብ ሶማሊላንድ፡ ፑንትላንድ፡ ሶማልያ (ብቐንዱ ማእከላይ-ደቡብ ሶማል) ተኸፊላ ትርከብ። ማእከላይ-ደቡብ ሶማል ገና ኣብ ቀጻሊ ዕግርግር ኮይኑ፡ እቲ ኣህጉራዊ ተቐባልነት ዘለዎ መንግስቲ ሶማል ካብ መቓድሾ ዘመሓድሮ እዩ።

**ይቕጽል. . .**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ዩኒሴፍ(UNICEF) ንነፍሲ ወከፍ ህጻን

ንሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኤርትራ፣ ንፈናንሲያውያን ዓመታት 2023-2026 ናይ ቀረባት፣ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዘህቡ ኣቕረብቲ ንምልላይ ቅድመ-ብቑዓት ንምምዝጋብን ዝዘጋብረ ናይ ዕዳጋ ገምጋም

ማሕበር ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፣ ንዓመተ 2023 ክሳብ 2026 ኑቲ ናይ ቀረብ ኣቑሑ፣ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ማዕከን ሓበሬታኡ ንምዝባሉ ኣብ መስርሕ ደርከብ ኣሎ። ግዱሳትን ብቑዓትን ኣቕረብቲ ኣብዚም ትሒቶም ዝዘገልጹ ምድባት ንኸመልክቱ ይዕድሞ ኣለው።

| ጉጅለ ቁ. | ስ ም | መግለጺ ምድብ |
|---|---|---|
| | | ፍርያት |
| 1 | ሀ | ቀረባት ቤት ጽሕፈት፦ ናይ ቤት ጽሕፈት ኣቕሓን ቀወምቲ ኣቑሑን ናውቲ ጽሕፈት፣ ቀረባት ኤለክትሪክ ከም ኡ'ውን መሳርሒያ |
| 2 | ለ | ቀረባትን ኣገልግሎታትን ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂን ማስተራኽበን፦ ናይ ኮምፒዩተር መወሰኽታታትን ዝዘተሰመዱ ናይ ወሰን ተለቀብትን (ኮምፒዩተራት፣ ላፕቶፓት፣ ፕሮጀክተራት ኤልሲዲ፣ ሽሲዲ/ሽሲኣር/ዲቪዲ፣ ካሜራታት ወዘተ |
| 3 | ሐ | ቀረባት ትምህርቲ፦ ቀረባት መምሃሪ ክፍሊ፣ ትምህርታውያን ናውትን መሳርሒያን (ጸለምቲ ሰሌዳታት፣ ኩርሲ ናውቲ ጽሕፈት፣ መላመዲ ጥራውዝቲ፣ ፒሮታት፣ ወዘተ፣ ኣቕሓ ቤት ትምህርቲ፣ ቀረባት ምዘንጋዕ (ስፖርትን ናይ ውሽጢ ገዛ መዘናግዒ ንዋይን)፣ ከም ኡ'ውን ካልኦት መምሃሪ ንዋያት ወዘተ |
| 4 | መ | ቀረባት ሕትመትን ምውዕዋዕን (ንኣፍሲት መስርሕ ሕትመትን ዲጂታላዊ ሕትመትን ዘጠቓልል) ናይ ሕትመት ንዋያት፣ ብሩሹራት፣ ፖስተራት፣ ባነራት፣ ስቲከራት፣ መኣርኑብያታት ወረቓት፣ ናይ ምልክታ ሰሌዳ ምልክታታት መጠንቀቕታ፣ ጸብጻባት፣ መጽሓፍቲ ምዝገባ ንኣሽቱ መጽሓፍቲ፣ ማሊያታትን ቀብዕትን፣ ናይ ኢድ ጉማ ቦርሳታትን ናይ ኤግዚቢሽን መቖምያታት ወዘተ |
| 5 | ረ | ቀረባት ጥዕናን ኣመጋግባን፦ ባዕሉ-ግድዓታዊ ስሪንጋታት፣ ናይ ድሕነት ሳጹናት (ንመኩሓፊ መስረጺ ናውቲ)፣ ናይ ሕክምና ኣፋውስ ንኡሳን መኣዝታት፣ ፍወሳውያን ምግብታት፣ ከም ኡ'ውን ካልኦት ኣቕሓ ምግቢ) |
| 6 | ሰ | ቀረባት ማይ፣ ሓለዋ ጽሬትን ስነ-ጥዕናን (WASH)፦ መፍሓሪ መሳርያታት፣ ኩሉ ዝማልኣ ጀነሬተራትን (ጀነሬተር ስብስብ) መቀያየሪ ኣቑሑቶምን ናይ ኢድ ፖምፓታትን ጠለቕቲ ፖምፓታትን መቀያየሪ ኣቑሑቶምን ሕምብርተ-ዝጽግዕ ፖምፓታት ምስ ሻምብቆታት፣ ጸሓያውያን ጠለቕቲ ፖምፓታትን ተለቀብቶምን ሞቶራት ኤለክትሪክ፣ ናይ ፕላስቲክ ሻምብቆታት፣ ሽፋናትን ተገጠምትን ናይ ኣቻዊ ሻምብቆታት፣ ሻምብቆታት ጂኣይ፣ መዕቀር ማይ ባኮታት (ዝተፈላለዩ ዓቐናት)፣ መሬወሲ ማይ ኬሚካላት፣ ተዓጻጻፊም ዘእርንቡን ዘይዕጸፉን ጀሪካናት (ናይ 10 ሊትሮን 20 ሊትሮን ፕላስቲክ ሸንክሎታት (ናይ 20 ሊትሮ) ዓቐን፣ ቀረባት ሓለዋ ጽሬትን ስነ-ጥዕናን ከም ኢ. ሳሙናታት |
| 7 | ሸ | ቀረባት ህጹጽ ዘይምግባውያን ንዋት (NFI)፦ ቴንዳታት፣ ማይ ዘጽሕልፉ ሽራዓት፣ ከቦርታታት፣ ፕላስቲካውያን ቀጻሊታት፣ መደቀሲ ምንጻፋት፣ ናይ ህጹጽ እዋን ረድኤት መዕቀብታትን ናይ ቤት ቀረባትን (መኸሸኒ ኣቑሑ፣ ፕላስቲካውያን ቀጻሊታት፣ ተንዳታት፣ ወዘተ) ናይ ክዳን ንዋት፣ ከቦርታታት ዓለባ (ጸምሪ ወይ ሰፍ)፣ ንናሕሲ ዝኸውን ፕላስቲክ ወዘተ |
| 8 | ቀ | ናውቲ ሎጂስቲክስ/መጓዓዝያን መቀያየሪ ኣቑሑትን፦ ተሽከርከርቲ ሞቶር ብሽክለታታት፣ ብሽክለታታት፣ ኣምቡላንሳት፣ ዓበይቲ ማካይን (ቦጣት ማይ)፣ ጎማታት፣ ንዋት ተንቀሳቓሲ ሰፈር፣ ንዋት መኻዚኖ፣ ናይ ክዘና መትሓዚታት፣ ናይ ኑዩዲ ካመራዳር፣ ከም ኡ'ውን ኣገደስቲ ቀረባት/መቀያየሪ ኣቑሑ |
| 9 | በ | ናውቲ ሓጋዚ ቴክኖሎጂ፦ ኑቶም ስንክልና ዘለዎም እኽሉላት ሰባትን ቆልዑን ዝኸሉ ሓገዝቲ ናውቲ (ዓራብያታት ሰንክላት፣ ናይ ዶልፊን መጋረጃታት፣ ናይ ብረይል መመዝገብቲ ድምጺ፣ ኣጉላሕቲ መሳርያታት፣ ተዓጻፍቲ ምርኩሳት ወዘተ) |
| 10 | ተ | ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ቀረባት፦ ውልቃውያን መከላኸሊ ናውቲ፣ መመርመራታት (መመርመሪ ናውቲ፣ መወሰዲ፣ ዛለኽቲ ወዘተ። ናውቲ ሕክምና (ቨንቲለተራት፣ ናይ ኦክስጅን ኣጸዓቕቲ፣ ተወሰኽቲ ኣካላት፣ ከም ኡ'ውን ዛለኽቲ ወዘተ ) |
| 11 | | ካልኦት ዝተፈላለዩ ቀረባት፦ ናይ ስፖርትን ውሽጢ ገዛ ምዝንጋዕ ነገራት/ናውቲ፣ ቀረባት ኤለክትሪክ፣ ተቘጻጻሪ ቮልተጅ፣ ምትሕያስ ጸጥታ፣ መርከብቲ ሓጺን ማሽን ረጂ፣<br>ካሜራታት ሰሲቲቪ፣ ዲጂታል ዶርወይ፣ ናውቲ ቀዳማይ ረድኤት፣ ዓራውቲ ክሊራ፣ ናውቲ ሶላር፣ ስርዓታት ሓይሊ፣ ኢንዳስትርያዊ ናውቲ፣ ፒዲኤታትን ቻርጀራትን ናይ ብረይል መሽናት፣ ተሳሓብቲ ዛሪብ ግዘፉ-ክብሒ ስድ፣ ኣየር ኮንዲሽነራት (ምትካሎምን ጽገናኦምን)፣ ናይ ሆስፒታል ሕክምናን ላቦራቶርን ቀረባትን ናውትን ማሽነሪ መጋበርያታት፣ ጀነሬተራትን መቀያየሪ ኣቑሑትን ተቓዋሚ ኣገልግሎታት |
| 12 | ቾ | ምምሕዳራውያን ኣገልግሎታት፦ቤት ጽሕፈት ምጽራይ፣ ተለኣኣኽቲ ኣገልግሎታት ሓለዋ፣ ኣገልግሎታት ምትካልን ጽገናን ጸሓያዊ ጸዓት፣ ምሕደራ መኾ፣ መሳለጥያታት ሆቴልን ኮንፈረንስን ክራይ ማኪና፣ ሆቴላት፣ ሳዕየት፣ መድሕን ተሽከርከርቲ ንኣገልግሎታት ታክሲ ዘጠቓልል ናይ ክራይን ቤት ጽሕፈትን ጽገና ወዘተ |
| 13 | ነ | ኣገልግሎታት ሎጂስቲክስ፦ መጓዓዝያ፣ ምጽራይ ጉምሩኽ፣ ምብጻሕ፣ ከም ኡ'ውን ኣብ መኻዝን ምዕቃብ/ክዘና ምሕደራን |
| | ኘ | ኣገልግሎታት ህንጻ፦ ጉድጓድ ዒላ ምኹዓት፣ ህንጻት ኣብያተ ትምህርቲ፣ መሳለጥያታት ትምህርቲ፣ ኣገልግሎታት ምህንድስና ጽገና ቀረባት ማይ፣ ጥዕናን ሓለዋ ጽሬትን ወዘተ |
| | አ | ኣገልግሎታት ሞያዊ ምምኻር፦ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምርምር፣ ዳህሳስ፣ ክትትልን ግምገማን መጽናዕቲ ፍልጠት፣ ኣረኣእያን ተግባርን መጽናዕትታት ተተግባርነት፣ ሽፋናት ዓቕሚ፣ ምዕባለ ኣብ ጥዕና፣ ኣመጋግባ፣ ትምህርቲ፣ ማይን ሓለዋ ጽሬትን ሓለዋ ቆልዑ፣ ማሕበራውን ባህርያታውን ለውጢ፣ ማስተራኽቦን ምዕባሌኣውያን ጽላታት፣ ምምዕባል ኑቒቕ ንዋት፣ ኣገልግሎታት ስነ ማዕከን ኣገልግሎት ስልጠናታትን ምዕባለ ዓቕምን ኣገልግሎታት ንኡሱ ግምገማን ናይ ወዘቢ ፈተሻን ኦዲት ፊናንሲያውያን ምምኻራውያን ኣገልግሎታት። |
| | ከ | ካልኦት ኣገልግሎታት፦ ግራፊክ ዲዛይን ፎቶግራፊ፣ ኣገልግሎታት ድምጽን ቪድዮን ምንዳፍ፣ ምምዕባልን ዕቀባን መርበብ ሓበሬታ፣ ምጽሓፍ፣ ኣርትዖት፣ ምንዳፍን ስርርዕን ንኢጋጥሚታትን ወፍርታትን ዘድግፉ ኣዋዓዊዕቲ ኣጀንሲያታት፣ ኣገልግሎታት ውጠናን<br>ምሕደራን ኢጋጥሚታት፣ ናይ ቅድመን ድሕረን ኣቕርቦት ምርመራታት ዘጠቓልል ውሑስና ብቕዓት፣ ምርመራታት ሳልሳይ ኣካል፣ ምንጻር፣ ምስትርጓም፣ ከም ኡ'ውን ማዕረ ማዕረ ዚካየድ ምስትርጓም/ንዋት፣ ፊናንሲያዊ ኦዲት፣ ጽገና ጀነሬተር፣ ምትዕርራይ ቤት ጽሕፈት፣ ኣገልግሎታት ሳዕየት/ምግቢ/ናይ ድግስ/ቤት ምግቢ ኣግልግሎታት፣ ኣገልግሎታት ሕትመት፣ ብምምሕዳር ዓቕሚ ሰብ ዚካየዱ ኣገልግሎታት ምምኻር |
| | ኸ | ናይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎታት ምትካል፣ ዕቀባን ምትዕርራይን፦ መዘርግሐታት ኣገልግሎታት ማይ መብራህቲ ወዘተ፣ ኤለክትሪካውን ብርሃናውን ኣየር ኮንዲሽነራት፣ ጀነሬተራት ቤት ጽሕፈት፣ ጽርበት፣ ኣጕጣጥማይነት፣ ናይ ኣቑሓ ቤት ጽሕፈት፣ ናይ ኣሉሚንዮም ምግጣጣም መረጼን ናይ ቬትሮን ምግጣጣም መረጼንን፣ መስመር ማይ/<br>ማይ፣ ሲቪላዊ/ህንጻታዊ ምትዕርራያትን ስራሓትን/ናይ ህንጻ ንድቃ ሲቪላውያን ስራሓት<br>(ምድሪ ቤታት፣ መናድቕ፣ ሰንቀታት፣ ናሕስታት፣ ምልካይ ሕብርን)፣ ድሕነት ባርዕ ሓዊ |

## ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ ሓበሬታ

እቶም ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ/ቅድመ-ብቑዕነት መመልከቲ ንኬቕርቡ ግዱሳት ዝኾኑ ኣቕረብቲ ኑቲ ናይ ኣቕራቢ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ቅጥዒ ክመልኡ ኣለዎም። ዚተሓትሙ ቅዱሓት ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕራቢ ካብ መቐበል ኢጋይሽ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ጎደና ሕዳይ፣ መንገዲ ኤርፖርት፣ ኣስመራ፣ ኤርትራ

ከረክቡ ይከኣል እዩ።

መመልከቲ ምቕራብን ናይ ምቕራብ ቀነጽ-እዋንን ዚተዓሸጉ መመልከቲታት ኣብ ዘይተሰላለመ ፖስታ ብምእታው "ዳህሳስ ዕዳጋ/ቅድመ-ብቑዕነት ናይ ኣቑሑ፣ ኣገልግሎታትን ስራሓትን" ዚብልን ኑቲ ኣመልካቲካሉ ዘሎኻ ምድብ ብምጥቃሳልን ናብ ቤት ጽሕፈት ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፣ ጎደና ሕዳይ፣ መንገዲ ኤርፖርት፣ ኣስመራ፣ ኤርትራ፣ ክሳብ ሰኑይ 02-ሰነ-2023፣ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ብናይ ኤርትራ ኣቀጻጽራ ሰዓት፣ ብኣካል ብምኻድ ከተቕርብ ይከኣል። ድሕሪኡ ዚቐርቡ መመልከቲታት ግን ኪንጸጉ/ኣብ ገምጋም ኣይከኣትዉን እዮም።

ኩሎም መመልከቲታት ብቛንቋ እንግሊዝ ኪቐርቡ ኣለዎም።

ናይ ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ መብርሂ ሕቶታት

ኣመልከትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስዘድልዩ ቅድሚ 31-ግንቦት-2023 ብጽሑፍ ገይሮም ናብ ER Tmar-
ketssurvey@
unicef.org ኪሓቱ ይከኣል።


ጾታዊ ዘላቕነታውን ስንክልናውን ምክታት ዩኒሴፍ ብመንጽር ጾታ፣ ዜግነትን ባህልን ብዙሕነት ናይ ምጭባጥ ወፉይነት ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ ዚውንኦን ትካላት መመልከቲ ንኬቕርባ ይተባበዖ። ዩኒሴፍ ናይ ዘላቕነትን ስንክልናን ምክታት ናይ ምጭባጥ ወፉይነት ኣለዎ። እቶም ብዘላቒ ኣገባብ ኣገልግሎታት ዘፍርዩን ዜቕርቡን ከም ኡ'ውን ስንክልናን ምክታትን ኣብ ግምት ዜእትዉ ኣቕረብቲ ንከመልክቱን ዝኦም ብከመይ ከምዚጭብጡዎም ንክርእዩ ይተባበዑ።

ናይ ዩኤንጂኤም ምዝገባ እቶም ንዩኒሴፍ ቀረባት፣ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ንኬቕርቡሉ ተገዳስነት ዘለዎም ኣቕረብቲ ኣብ ዩኤንጂኤም (ዩናይትድ ኔሽንስ ጀነራል ማርኬትፕለስ) ኣብ መሰረታውን ጽፍሕ 1ን ምዝገባታት ከምዝገቡ ኣለዎምን፦ htstsps://www.ungm.org/Accounts/Registsratsion

ዝርዝራት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ምድባት ዝርዝራት ናይ ነፍሲ ወከፍ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ምድባት ንምርካብ htstsps://supply.unicef.org/products-catsegories ከም ኡ'ውን ኑቲ ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕራቢ ይወከሱ።

ምዝገባ ንቅድመ-ጨረታዊ ኣኼባ ኣብ ዕለት 31-ግንቦት-2023 ሰዓት 10 ቅ.ቀ ብናይ ኤርትራ ኣቀጻጽራ ሰዓት

ናይ ቅድመ-ጨረታ ኣኼባ ኪካየድ እዩ። ኣመልከትቲ ናብ ናይ ሃገር ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ፣ ጎደና ሕዳይ፣ መንገዲ ኤርፖርት፣ ኣስመራ፣ ኤርትራ፣ ብኣካል ብምቕራብ ከምዝገቡ ይኽእሉ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዘይተሰዓርነት ሳቡር ይቕጽል

ወሸጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ዝቕጽልሉ ዘሎ እዋን፡ ሳቡር ከይተሳዕረት ትግስግስ ኣላ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣቡሓፈ ንዒታሮ 2-ብ1፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ዒታሮ ንኣቡሓፈ 3-ብ0 ስዒራታ። ኣብ ከዕሶ እግሪ እታ ከይተሳዕረት ትግስግስ ዘላ ሳቡር፡ ምስታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ፍጻመ ብምብጻሕ ብዒታሮ ተሳዒራ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ብፈልሞን (ኣልሜ) እትስልጠን ዒራግ እያ ገጢማ። እዘን ብኽልተኣ ጸታ ግጥማተን ዘሰላሰላ ክለባት፡ ፈለማ ደቂ ኣንስትዮ እየን ጸወታአን ኣካይደን። ዓብለልቲ ኮይነን ዝቐረባ ተጻወትቲ ሳቡር፡ ብመገዲ እታ ተጠማቲት ተጻወትቲ ኮይና ዘላ ኣጥቃዒት ሩታ መሴ ሰለስተ ሸቶታት ብምቕጻር 3-ብ0 ተዓዊታ።

ብኢንተርናሽናል ዳኛ መሴ በየነ ዝተመርሐ ጸወታ ደቂ ተባዕትዮ፡ ወላ'ኳ ተጻወትቲ ዒራግ ዝከኣሎም እንተገበሩ፡ ብኣሰልጣኒ ሳውል ሰለሞን ዝዕለሙ ተጻወትቲ ሳቡር ግን 5-ብ2 ብምስዓር ካልኣይ ተኸታታሊ ዓወት ኣመዝጊባ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ሜዳ ቦቶዮሬላ ካብ ዝተኻየደ ግጥማት ከዕሶ መርበብ'ውን፡ ሳቡር ኣንጻር ዒራግ ተዓሊማ። በዚ ድማ፡ ሳቡር ብደቂ ኣንስትዮ 2-ብ0 ክትዕወት ከላ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣርን ተወልደመድህንን ሮቤል ገብረእግዚኣብሄርን ኣብ ምጥቃዕ፡ ከምኡ'ውን ናትናኤል ወልደሃወት ኣብ ምክፋል ጸቢሎ ኣብ ዝበለሉ፡ 3-ብ0 ብምዕዋት ንደገፍታ ኣሰራሰረ። ሳቡር ንኻልኣይ ግዜኣ እያ ኣብ ክልተ ዓይነት ውድድራት ብኽልተኣ ጸታ ተዓዊታ ዘላ። ብዘይካ'ዚ፡ ሃምባልን ኣቡሓፈን ኣብ ከዕሶ እግሪ ኣብ ዝተራኸብሉ፡ ኣቡሓፈ ብደቂ ኣንስትዮ 3-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ብዘይሸቶ ምፍልላየን ጸብጻብ እቲ ውድድር የረድእ።




## ጁቬ፡ ካብ ኤውሮፕያን ሱፐር ሊግ ከተንሳሕብ . . .

ኢጣልያዊት ክለብ ጁቬንቱስ፡ ካብ ፕሮጀክት ኤውሮፕያን ሱፐር ሊግ ክተንሳሕብ ወጥን ከምዝለዋ ምልክት ከምዝርኣየት ተሓቢሩ።

ኤውሮፕያን ሱፐር ሊግ ኣብ ሚያዝያ 2021 - ብ12 ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክጅመር መደብ ተሓንጺጹሉ ምንባሩ ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ካብ ሰድራቤት ከዕሶ እግሪ ድሕሪ ዝመጾ ማዕበላዊ ኩነ፡ እተን ትሸዓት ክለባት ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክንሳሕባ እንከለዋ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ባርሴሎናን ጁቬንቱስን ግና፡ ኣብ ዕላማአን ከምዝለዋ ብምግላጽ ክሱብ ሕጂ ይቃለሳ ኣለዋ።

እንተኾነ ጁቬ፡ ኣብዚ እዋን ካብዚ ፕሮጀክት ክትወጽእ ትደሊ ከምዝላ ምንጪታት ይሕብሩ ኣለዉ። እዛ ጋንታ፡ ኣብቲ ናብ ማድሪድን ባርሳን ዝሰደደቶ ምስኣን ክትዘራረብ ዝጠለበቶ ደብዳቤ ቁልፊ ነገር ካብዚ ሱፐር ሊግ ዝብል ፕሮጀክት ክትወጽእ ዘኽእል ክኸውን ዝብል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጁቬንቱስ ኣብቲ ዝተሓለፈ መግለጺኣ ተወሳኺ ርክባት ክትቅጽል ምኻና ተረድኡ።

ኣብታ ዝተዛዘመት ወቕቲ ፍጹም ዘይጠዐማ ጁቬንቱስ ፋይናንስያዊ ሕጊ ብምጥሓስ ብሰሪኣ 15 ነጥቢ ተቐሪጹላ እዩ። ወላ'ኳ ድሒሩ እዚ ነጥቢ ተመሊሱላ ናብ ካልኣይ ደረጃ ደይባ እንተነበረት፡ ንኻልኣይ ግዜ ከኣ 10 ነጥቢ ተቐሪጹላ እዩ - እቲ ውሳኔ'ውን ተቐቢላቶ እያ። በዚ ድማ፡ ሻውዐይቲ ኮይና ብምውዳኣ ንዓመታ ኣብቲ ሳልሳይ ደረጃ ኤውሮጳዊ ውድድር ዝኾነ ኮንፈረንስ ሊግ እያ ክትሳተፍ።

## ካንተ፡ ምስ ኣል-ኢትሓድ ተሰማሚዑ




ካንተ፡ ምስቶም ብስሑይ ከተማ ለንደን ዝኣተዉ ወኪልቲ ናይዛ ጋንታ ከምዝተዘራረበ እትገልጽ እዛ ምንጪ፡ ትማሊ ረቡዕ ከኣ ሕክምናዊ ፈተናኡ ከምዝወድአ ተረድአ። ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ፈረንሳዊ፡ ንኽልተ ዓመታት ማልያ ናይዛ ጋንታ ክለብስ ክሰማማዕ ከሎ፡ ኣብዚ መቓን ግዜ፡ 172.1 ሚልዮን ፓውንድ (215 ሚልዮን ዶላር) ክቕበል እዩ።

ኣብዛ ወቕቲ ብማስበርቲ ብርክት ዝበሉ ግጥማት ዝኸሰረ - ካንተ፡ ሰሪ'ዚ ማስበርቲ'ውን ብቐዓቱ ምጉዳሉ ይግለጽ።

ኣከፋፋሊ ቸልሲ - ንጎሎ ካንተ፡ ምስ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢትሓድ ክጸምበር ውዕል ከምዝወድአ፡ ጋዜጣ ጎል ንእሙናት ምንጪታት ማስርሒ ምትዮጊጋር ብምጥቃስ ሓቢራ።

በዚ ኣብ መፈጸምታኡ በጺሑ ምህላዉ ዝግለጽ ዘሎ መስርሕ ተሓጊዙ ከኣ ምስ ወዲ ሃገሩ - ካሪም በንዘማ ክራኸብ እዩ። እዚም ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ክራኸቡ ዝጸንሑ ተጻወትቲ፡ ኣብዚ ሊግ ኣንጻር እቲ ቅድሚኡ ናብ ኣል-ነስር ዝተጸምበረ - ክርስቲያኖ ሮናልዶ እዮም ክፋለሙ። ብፍላይ በንዘማ፡ ኣንጻሮ'ቲ ኣብ ማድሪድ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ እዩ ክጻወት።

ናይ ቀረባ ግዜ ተዓዋቲ ባሎን ዲ'ኦር ዝኾነ - በንዘማ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ካብ ማድሪድ ብምውጻእ ናብ ኣል-ኢትሓድ ምጽንባሩ ይፍለጥ። እዚ ወዲ 35 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓይ፡ ክሳብ 2026 ዘጽንሕ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል እዩ ፈሪሙ። ኣብዘን ዓመታት ከኣ 515 ሚልዮን ፓውንድ (634 ሚልዮን ዶላር) ናብ ማሕፉዳኡ ክኣቱ እዩ።

ዓቢ ሊግ ንምዃን ጥሙሕ ዘለዎ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ዝተጋዘን ኣወናዋኒ ፕዝዘን እናቐረበ ቀልቢ ዓበይቲ ተጻወትቲ ኣብ ምስሓብ ይርከብ - ድሮ'ውን ኣም ዝተጠቕሱ ተጻወትቲ ወኪንዎም ኣሎ። ኣብዚ እዋን ከኣ ኣንፈቱ ናብ ልዕሊ ሊዮኔል ሜሲ፡ ሰርጂ በስኬት፡ ዳቪድ ዲ ሂያ፡ ዊልፍረድ ዛሃን ካልኦት ስሙያት ተጻወትቲን ገይሩ ይርከብ።

## ሸኽ ጃሲም፡ ንዩናይትድ ክገዝኣ ንመወዳእታ ግዜ ክፍትን'ዩ

ሸክ ጃሲሚ ቢን ሃሚድ ኣልታኒ፡ ጽባሕ ዓርቢ ንማንቸስተር ዩናይትድ ንምግዛእ ሓሙሻይን ናይ መወዳእታን ጨረታ ከምዘቕርብ፡ ምስዚ በዓል ጸጋ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ሓቢሮም።

እዚ ጨረታ፡ 100 ሚእታዊት ነዛ ጋንታ ንምግዛእ ዘኽእል ኮይኑ፡ ዝለዋ ዕዳ'ውን ዘጸሪ/ዝኸፍል ምዃኑ ይግለጽ። ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ'ዛ ናይ መወዳእታ ምዃና እትገልጽ ሕቶ ዘቕረብሉ መዓልቲ፡ ተወሳኺ ጨረታ ከምዘየቕርብን ካብዚ ጉዳይ ኢዱ ከምዘስሕብን እቶም ምንጪታት የረድኡ።

ብሪጣንያዊ በልየናር - ሰር ጂም ራትክሊፍ፡ ነዛ ጋንታ ንምግዛእ ምስዚ ቀጠራዊ በዓል ሃብቲ ይወዳደር ምህላዉ ይፍለጥ። ራትክሊፍ፡ ካብ ዘቕረቦ ሓሳባት፡ ወላ'ኳ ኣብ ፈለማ ካብ ብርኪ ጋንታ 69 ሚእታዊት ክገዝእ ሓሳቡ እንተነበረ፡ ኣብዚ እዋን ግና ናብ ኣስታት 50 ሚእታዊት ከምዝወረደ ይግለጽ። እዚ ኸኣ ንኣቦ መንበራት እዛ ጋንታ ዝኾኑ ኣሕዋት ፍኢል ግሌዘርን ኣቭራም ግሌዘርን፡ ገለ ተሳትፎ ክህልዎም ዘኽእል እዩ። ይኹን'ምበር፡ እዞም ነዛ ጋንታ ዝደልዩ ዘለዉ ወገናት፡ ካብዞም ወነንቲ ዝኾኑ ግብሪ መልሲ ከምዝይተዋህቦም ይግለጽ።

ከም እዛ ጋንታ ካልእ ኣማራጺ ይደልዩ ምህላዎም ዝገለጹ ሰድራቤት ግሌዘር፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሕዳር ነዛ ጋንታ ክሸጡዋ ምሕሳቦም ኣፍሊጦም ነይሮም እዮም። ዛጊት ግና፡ ኣብ መጽኢ እዛ ጋንታ ንምውሳን ዝኾነ ኣንፈት ኣየርኣዩን ዘለዉ።

ነዛ "ቀያሕቲ ሸይጣውንቲ" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ጋንታ ኣብ 2005 ዝገዝኡዋ እዞም ሰድራቤት፡ 790 ሚልዮን ፓውንድ እዮም ኣውጺኦምላ። ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሸዱሽተ ቢልዮን ፓውንድ ከኣ ሽጢኖማ ኣለዉ - ነዛ ክሳብ 969.6 ሚልዮን ፓውንድ ዕዳ ከምዝለዋ እትግለጽ ማንቸስተራዊት ጋንታ።




### ቅንጥብጣብ

* ኣከፋፋሊ ፈረንሳዊት ክሉብ ሊዮን - ሆሰም ኣወር፡ ብናጻ ካብዛ ጋንታ ከምዝተፋነወ ተቓሊሑ። ኣልጀርያዊ ወዲ 24 ዓመት - ኣወር፡ ድሮ ምስ ሮማ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ምፍራሙ ይግለጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ሮማ ነቲ ትማሊ ካብ ኢንትራክ ፍራንክፈርት ብምውጻእ ውዕል ኣልቦ ኮይኑ ዘሎ - ኢቫን ንዲካ፡ ሕቶ ኣቕሪባትሉ። እዛ ጋንታ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ብምቕራብ መልሲ ትጽበ ኣላ።

* እሙን ምንጪ ማስርሒ ምትዮጊጋር ምዃኑ ዝግለጽ ፋብሪዝዮ ሮማኖ፡ ውዕል ጁደ በሊንግሃም ኣብ መፈጸምታ ምብጻሑ ኣፍሊጡ። 100 ሚልዮን ፓውንድ ዝወጻሉ - በሊንግሃም፡ ክሳብ 2029 ዘጽንሕ ናይ ሸዱሽተ ዓመታት ውዕል እዩ ክፍርም። ድሮ ሕክምናዊ መስርሕ ምኽያዱ፡ ማድሪድ ኣብዛ ሰሙን ምሉእ ብምሉእ ክትውድኦ ድልውቲ ምህላዋ ይሕብር - እዚ ምንጪ።

## ሚላንን ማልዲኒን ተባቲኾም

ኤሲ ሚላን፡ ንተክኒካል ዳይረክተራ - ፓውሎ ማልዲኒ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ካብ መዝነቱ ኣባሪራቶ።

ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ሓለቓ ኤሲ ሚላን ዝነበረ - ማልዲኒ፡ እዛ ጋንታ ድሕሪ 11 ዓመታት ማለት ኣብ 2022 ዋንጫ ስኩዴቶ ኢጣልያ ክትዓትር ሓጊዙዋ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ኣብዚ እዋን ልዑል ኣበርክቶ ንዘበርከቱ ዘለዉ - ራፋኤል ለኣው፡ ቲዮ ሀርናንደዝ፡ ፊካዮ ታቶሞሪን ኦሊቪር ጂሩድን ኣፈሪሙዎም እዩ።

ኣብዛ ወቕቲ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝበጽሐት ሚላን፡ እዚ ተጻዋታይ ዝነበረ፡ ዋንጫ ሰሪ'ኣ ክትዓትርን ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትምለስን ንዘበርከቶ ኣበርክቶ ኣማስጊና እያ። እዛ ጋንታ፡ ንመሰርሕቲ ማልዲኒ ዝነበረ ሪኪ ማሳራ እውን ሰጒጓቶ እያ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝወጸ ዜና፡ ማልዲኒ፡ ቅድሚ ምብራሩ ኣብዛ ጋንታ ሓዲሽ ሰውራ ንምጅማር ንዓላሚኣ - ስተፋኖ ፒዮሊ ብወዲ ጋንታኡ ዝነበረ - ኣንድሪያ ፒርሎ ክትትክኦ መደብ ምንባሩ፡ ጋዜጣ ኮሬረ ደለ ስፖርት ሓቢራ። ማልዲኒን ፒርሎን፡ ኣብዛ ጋንታ ሓቢሮም ተጻዊቶም እዮም።

ወዲ 54 ዓመት ዘሎ - ፓውሎ ማልዲኒ፡ 25 ዓመታት ናይ ጸወታ ግዜኡ ብማልያ ሚላን ጥራይ እዩ ኣሕሊፍዎ። ነዛ ጋንታ 901 ግጥማት ክውክላ እንከሎ፡ ሸውዓተ ናይ ሰሪ'ኣ፡ ሓሙሽተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዋንጫ ብድምር - 26 ዝተፈላለዩ ጽዋኣት ዓቲሩ እዩ። 'ኢል ካፒታኖ' ዝብል ሳጓ ዘለዎ - ማልዲኒ፡ ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ምዃኑ ይምስከረሉ።

ትፈልጡዶ? . . . ወላዲ ማልዲኒ፡ ሰዛር ማልዲኒ፡ ነዛ ጋንታ ን12 ዓመታት ምጽዋቱ። ወዱ ንማልዲኒ ዝኾነ - ዳኒኤል ማልዲኒ ከኣ ካብ 2020 ጀሚሩ (ኣብ 2022 ብልቓሕ ናብ ስፐዝያ ተሰጊሩ ኣሎ) ንማልያ ሚላን ምልብሱ። እዚ ማለት፡ ሰለስተ ወለዶ እዛ ስድራ ንሓንቲ ጋንታ ተጻዊቶምላ።



ካብ ጸጋም ናብ የማን ሰዛር ማልዲኒ፡ ፓውሎ ማልዲኒ፡ ዳኒኤል ማልዲኒ

## ሜሲ ወሲኑ

ኣርጀንቲናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ- ሊዮኔል ሜሲ፡ ናብ ኣመሪካ ብምቕናዕ ምስ ኢንተር ማያሚ ክጸምበር ከምዝወሰነ ተሓቢሩ።

መጻኢኡ ኣዛሪቢ ኮይኑ ዝወርሐ - ሜሲ፡ ካብ ፒኤስጂ ብናጻ ድሕሪ ምውጻኡ ስሙ ምስ ባርሳ፡ ኢንተር ማያሚን ስዑዳዊት ኣል-ሂላልን ተኣሳሲሩ ክጽዋዕ ምጽናሑ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር፡ ትማሊ ዝተፈላለያ ጋዜጣታት ኤውሮጳ ኣብ ዘውጽኣኦ ዜና፡ እዚ ወዲ 36 ዓመት ኣጥቃዓይ ናብ ኣመሪካ ክቕንዕ ወሲኑ ኣሎ።

ኣብዚ ተገራጫዊ ዜናታት መስርሕ ምትዮጊጋር ዝወሓለሉ ዘሎ ግዜ፡ ሜሲ፡ ወላ'ኳ ኣብ ኤውሮጳ ንተወሳኺ ወቕቲ ክጸንሕ ድልየት እንተነበሮ፡ ኣዕጋቢ ሕቶ ከምዘይቀረበሉ ግና፡ ቀርበት ዘለዎም ወገናት የረድኡ። ብኻልእ ሸነኹ፡ ናብ እስጳኛ ብምምላስ ናብታ ጉዳይ ፋይናንስ ሓሊኹ ካብ ዝሕዛ ነዊሕ እዋን ዘቑጸረት ባርሳ ክምለስ ድልየት ከምዝነበሮ፡ እንተኾነ ምስ ፕረሲደንት እታ ጋንታ ክዋን ላፖርታ ዘለዎ ዘይምትእምማን ሓደ ካብቲ ምኽንያት ዘይምጽምባሩ ምዃኑ፡ ጋዜጣ ለ'ኢኩፕ ተረድኡ።

ብተወሳኺ፡ እዛ ምንጪ፡ ናብታ ዕጽፊ ናይ'ቲ ሮናልዶ ዝወሰዶ ዘሎ መሃያ ክትህቦ ምዃና ብምሕባር ክጸምበራ ዝሓተተቶ ኣል-ሂላል ከይጸምበር ድማ ንሱን ሰበይቱን ምስ ደቆም ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ክነብሩ ኣይተራእየምን ትብል። በዚ ድማ ዝመጽእ 30 ሰነ ምስ ፒኤስጂ ዘለዎ ውዕል ዛዚሙ ብውዕል ዘይእሰር ተጻዋታይ ዝኸውን - ሊዮ፡ ናብታ ዳቪድ ቤክሃምን ካልኦት ሰብ ጸጋን ዝውንኑዋ ኣመሪካዊት ክለብ ክጸምበር ወሲኑ ኣሎ ኢሉ። እዛ ንሜሲ ንምውናን ክጥበር ዝወርሐ ቃልሲ ከምዝተዓወተትሉ ትግልጽ ዘላ ጋንታ፡ ብሓገዝ ናይ ንግዲ መሻርኽታ ዝኾኑ ኣዲዳስን ኣፕልን እያ ተዓዊታ።

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ሰኔጋል - ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ቆንስላታ ትዓጹ



መንግስቲ ሰኔጋል፡ ካብ መጥቃዕቲ ተቓወምቲ ብምስጋእ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከባ ኣብያተ-ጽሕፈት ቆንስላቱ ክዕጾ ከምዝኣዘዘ ኣፍሊጡ።

ሚኒስተሪ ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር፡ ኣብ ዘዘርግሖ መግለጺ፡ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ዝርከባ ኣብያተ-ቆንስላት ብደገፍቲ ተቓወምቲ ሰልፈታት ናይታ ሃገር ከምእተተጠቕዓ፡ ኣብ ንብረት ከቢድ ዕንወት ከምዝወረደን ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ መግለጺ፡ ደገፍቲ ተቓወምቲ ሰልፍታት ሰኔጋል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ከተማታት ቦርደክስ፡ ሚላን፡ ፓሪስን ነወየርክን ዝርከባ ኣብያተ-ጽሕፈት ቆንስላት'ታ ሃገር መጥቃዕቲ ከምዘውረዱ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ሚላን ፓስፖርትን ወረቐት መንነትን ዝሰርሓ ማሽናት ከይተረፉ ከምዝዕነዉ ተፈሊጡ።

ኣብ ሰኔጋል፡ መራሒ ተቓወምቲ ሰልፍታት ኡስማን ሶንኮ ዝሓለፈ ሰሙን ንኽልተ ዓመት ክእሰር ምስ ተፈርደ፡ ኣብታ ሃገር ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ከምእተፈጥረ እዩ ዝግለጽ።

ምስ ሓንቲ ጉርዞ ጾታዊ ዝምድና ነይሩዎ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ወዲ 48 ዓመት ኡስማን ሶንኮ ንኽልተ ዓመት ክእሰር ብምብያኑ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ዓመት ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ናይ ምስታፍ ዕድሉ ዝጸበበ ኮይኑ ምህላዉ ምንጭታት'ቲ ከቢ ሓቢሮም።

እቲ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ ብቤት ፍርዲ ክእሰር ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብ ዋና ከተማ ሰኔጋል - ዳካርን ካልኦት ከተማታትን ግጭት ዝዕብለሎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ይካየድ ምህላዉ፡ ብሰንኪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ድማ 16 ከምዝበጽሐ ይግለጽ ኣሎ።

## ቻይና - ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና፡ 13 ሚልዮን ተመሃሮ ይሳተፉ ኣለዉ

ኣብ ቻይና፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ፡ 13 ሚልዮን ተመሃሮ ይሳተፉ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ቻይና ብዕቱብ ዝጥመት ሃገራዊ ፈተና ትማሊ ረቡዕ ከምዝተኸፍተ፡ ዛጊት ድማ ዝለዓለ ቁጽሪ ዘለዎም ቻይናውያን ተመሃሮ ይሳተፉዎ ከምዘለዉ፡ ሰብ መዚ ትምህርቲ ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ኣብ ቻይና 'ጋውካዎ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ብኽብደቱ ዝተፈልጠ ሃገራዊ ፈተና፡ ተመሃሮ ናብ ዩኒቨርሲቲ ንኽሓልፉ ዝውስን ብምዃኑ፡ ብተመሃሮን ወለዶምን ብዕቱብ ከምዝጥመት ይግለጽ።

ኣብቲ ድሕሪ ምውጋድ ቅጥዕታት ጸረ-ኮቪድ 19 ንፈለማ እዋን ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ፈተና፡ ሓያሎ ወለዲ ተመሃሮ ካብ ስራሕ ብምብኳር ደቆም ንምትብባዕ ክሳብ ናብ ቐጥታት ፈተና ኣሰንዮሞም ከምዝመጽኡ ማዕከናት ዜና ቻይና ይሕብራ።

ቻይናውያን ተመሃሮ ናብ ዩኒቨርሲቲ ዘእቱ ነጥቢ ንምርካብ ልዑል ጻዕሪ ዝገብሩ እንተኾኑ፡ ካብቲ 750 ሕቶታት ልዕሊ 600 ክረኽቡ ስለዘለዎም፡ ኣብቲ ናይ ፈተና እዋን ኣእምራዊ ጸቕጢ ከምዝሰምዖም ይገልጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ትምህርቲ ቻይና፡ ኣብ ሃገራዊ ፈተና 'ጋውካዎ' ካብ ዝሳተፉ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ቻይናውያን፡ ውሑድ ሚእታዊት ጥራይ እያም ናብ ዩኒቨርሲቲ ዝሕልፍ ነጥቢ ዝረኽቡ።



## ዘይቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ብሓደስቲ ተተኪአን



ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት መናብር ሒዘን ዝጸንሓ 5 ዘይቀወምቲ ኣባላት፡ ማለት ኣልባንያ፡ ብራዚል፡ ጋቦ፡ ጋናን ሕ.ኢ.ዓረብን ብሓደስቲ ሃገራት ከምእተተክአ ተገሊጹ።

እዘን ሓደስቲ ሃገራት ዘይቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ኩይነን ክምረጻ ዝኸኣላ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሓለፈ ሰሉስ ድሕሪ ዘየደ ደምጺ ናይ ምሉብ ማስርሕ እዩ።

በዚ ማሰረት፡ ሰራልዮን፡ ኣልጀርያ፡ ጉያና፡ ደቡብ ኮርያን ስሎቨንያን ኣባላት እቲ ባይቶ ንምኳን ተመሪጸን ኣለዋ።

እዘን ሓደስቲ ሃገራት ኣብቲ ባይቶ ንኽልተ ዓመት ዘበልጽ ኩይነን ኣብ ዝመጽእ ባሕቲ ጥሪ 2024፡ ነተን ኣብቲ ባይቶ ተረፊን ዘለዋ 5 ዘይቀወምቲ ኣ ባ ላ ት (ስዊዘርላንድ፡ ሞ ዛ ም ቢ ክ ፡ ማልታ፡ ጃፓንን ኢኳደርን) ብወግዒ ክጽንበራአን እየን።

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ብ15 ሃገራት ዝቖመ እዩ፡ ሓሙሽተ ካብ'ተን ሃገራት ቀወምቲ ኣባላት ኩይነን ቻይና፡ ሩሲያ፡ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን እየን።

ዘይቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ንምዃን ዝሕጸያ ሃገራት፡ በቲ ን193 ሃገራት ዝሓቁፍ ሓፈሻዊ ባይቶ እየን ዝምረጻ።

እተን ሕጹያት ክዕወታ እንተደኣ ኩይነን ድማ፡ ክልተ ሰሶ ወይ 128 ደምጺ ክረኽባ ከምዘለወን እዩ'ቲ ዝግለጽ።

## ርዋንዳ፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ዝርከቡዎም 200 ወተሃደራት ካብ ስራሕ ሰጒጓ

መንግስቲ ርዋንዳ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝርከቡዎም 200 ወተሃደራት ካብ ስራሕ ደው ከምዝበለ ኣፍሊጡ።

ካብዞም ዝተሰጐጉ ኣባላት ሰራዊት፡ ኣዛዚ መተሓባበሪ ሜጀር ጀነራል ኣሎይ ሙጋንጋን ካልእ ናይ ብርጌደር ጀነራል ማዕርግ ዘለዎ ላዕለዋይ ኣዛዚን ይርከብዎም።

ብመሰረት'ቲ ትማሊ ረቡዕ ዝወጸአ መንግስታዊ መግለጺ፡ 16 ላዕለዎት መኮንናት ዝርከብዎም ዝተፈላለየ መዓርግ ዘለዎም ልዕሊ 200 ወተሃደራት እዮም ካብ ስራሕ ተሰጒጎም ዘለዉ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሰጉምቲ እንታይ ምኳኑ ዛጊት ኣይተነጸረን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ርዋንዳ ፖል ካጋመ ንሚኒስተር ምክልኻልን ንጥና ኣዚ. ሰራዊትን ብሓባር ካብ ስራሕ ደው ከምዝበሎም እዩ ዝግለጽ።

እዚ ኣብ ሰራዊት ርዋንዳ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ፡ ኣብታ ሃገር ዘይልሙድ ተርእዮ ምዃኑ እውን ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።



## ብሩህ መጻኢ ኤርትራ፡ ኣብ ምህናጽ ፍረ-ጻዕሪን . . .

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

**ውሕስነት መግቢን ማይን**

ኤርትራ፡ ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ እውን ሓያል ጻዕሪ ኣካይዳ፡ ወሰኑን ባህርያዊ ጸጋ ዘለዋ ንእስ ዝበለት ሃገር እኳ እንተኾነት ሕርሻዊ እቶት ንምምዕባልን ቀረብ መግቢ ንምርግጋጽን መንግስቲ በበይኑ ፖሊሲታትን መደባትን ኣተኣታትዩ እዩ።

ቀጻልነት ዘለዎ ኣተኣማማኒ ሕርሻ ንምድንፋዕ፡ መንግስቲ ኣገደስቲ ስትራተጃታት ኣውጺኡ ይሰርሓሉ ኣሎ። ከም ማይን ሓመድን ዝኣመሰሉ ባህርያዊ ጸጋታት እናዓቀበ፡ ሚዛን ኣካቢ ዝሕሉ ኣጉዕበ ማሕረስ ኣብ ርእሲ ምትእትታው፡ እቶት ዘኻዕብቱ ዝተመሓየሹ ኣዝርእትን ቀመማዊ ድኹዒን እውን ይዕደል ኣሎ።

ናይ መስኖ ትሕተ-ቅርጺ ብምምዕባል፡ ኣብ ሃገር ዘሎ ዝርከቡ ናይ ሕርሻ መሬት ዝበለጸ ፍርያት ክህብ ዘኽእል ትሕተ-ቅርጺ መስኖ እውን ይዝርጋሕ ኣሎ። ንመስኖ ዝኸውን ቀረብ ማይ ምእንቲ ክርከብ፡ መንግስቲ ሓጽብታትን ራህያታትን ካልእ ስርዓተ-ምሕደራ ማይ ከም ዝሃጸ ምርግጋጽ ይከኣል። ኣብ ርሑቕ ገጠራትን ማሕደግ ነቕጣታትን ዝርከቡ ወገናት፡ ውሑስ ቀረብ መግቢ ዝረኽብሉ መደባት እውን ተኣታትዩ።

ካብ ካልእ ሃገር ካብ ዝኣቱ ናይ መግቢ ጽግዕተኛ ንምንጋፍ፡ ሓረስቶት እቶታውነት ብምውሳኽ ብፍርያቶም ርእሶም ዝኽእሉሉ ሕርሻዊ መደባት እውን ይዝርጋሕ ኣሎ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኣገዳስነት ውሕስነት ማይ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ተጠቃምነት ንጹህ ማይ ንምብዛሕን ምሕደራ ጸጋታት ማይ ቀጻልነት ምእንቲ ክህልዎን ፖሊሲታት ኣተኣታትዩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ኣብ 2014 ዝወጸአ 'ሃገራዊ ፖሊሲ ምሕደራ ጸጋታት ማይ'፡ ዕቃብ ማይ ኣብ ምምዕባል፡ ጽፉፍ ስርዓት-ኣተዓዳድላን ቀረብ ንጹህ ማይን ኣብ ምርግጋጽ ዘተኰረ ስትራተጂ ከምዝሽሓ ይፍለጥ። ግቡእ ስርዓተ-ምሕደራ ማይ ዝከታተል ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን እውን፡ በዚ መዳይ እዚ ኣብ ምንጥጣፍ ይርከብ።

ዲጋታት ጋሽ-ባርካ፡ ማይ ነፋሒን ዓዲ ሃሎን ወሲኽካ፡ ኤርትራ ልዕሊ 700 ሓጽብታት ትውንን። ብዙይካ እቲ ኣብ መዓላ ሕርሻ ዝውዕል ማይ መስኖ፡ ማያዊ ጸዓት ከመንጭዉ ዝኽእሉ እውን ኣለውዎም። ኣብ 2005 ዝተዛዘመ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ዝርከብ ሓጽቢ ጋሽ ባርካ - 1.6 በልዮን ኩብክ ሜትር ማይ ይዓቁር። እዚ ሓጽቢ ብቑዓምነት ኣብቲ ከባቢ ንዝርከብ መስኖኣዊ ሕርሻታት ማይ ዝዕድል ኩይኑ፡ 20 ሜጋ ዋት ጸዓት ናይ ምውጻእ ዓቕሚ ኸኣ ኣለዎ።

ኣብ ጥቓ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ሓጽቢ ማይ ነፋሒ 17 ሚልዮን ትርብዒት ሜትሮ ማይ ናይ ምዕቋር ዓቕሚ ኣለዎ። ንኣገልግሎት መስኖ ዝተሃንጸ እኳ እንተኾኑ፡ ኣሲታት 3 ሜጋ ዋት ጸዓት ኤሌክትሪክ ናይ ምውጻእ ዓቕሚ ኣለዎ። እቲ ኣብ 2002 ዝተሃንጸን ኣሲታት 120 ኩብክ ሜተር ማይ ክሕዝ ዝኽእልን ኣብ ዞባ ደቡብ ዝርከብ ሓጽቢ ዓዲ ሃሎ እውን፡ ክንጾ እቲ ንመስኖ ክህቦ ዝኽእል ቀረብ ማይ 10 ሜጋ ዋት ጸዓት ኤሌክትሪክ ናይ ምምንጫው ዓቕሚ ኣለዎ።

ኤርትራ፡ ጉድኒ-ጉድኒ እተካይዶ ቁጠባዊ ዕቤት፡ ማሕበራዊ ልምዓትን ርእሱምርኮሳን ልኡላውነታ ኣኽቢራ እትሕዝ ሃገር እያ። ናጽነታን ልኡላውነታን እናኣኽበረት ከኣ ኣብ ድሕነትን ብልጽግናን ህዝቢ ዝጠመተ ራእይ ኣለዋ። ተስፋ ዝሁብ ዝተባረኸ መጻኢ እውን ይጽበያ ኣሎ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ | 08/06/2023 | ጎደና ሓርነት ቁ.93 - 95፡ ጥቓ መንገዲ ኣየር ኤርትራ | 120491 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services